


ዲሞክራሲ ኣብ ዘይሃለወሉ ሃገር ፍትሒ ክረጋገጽ ስለዘይክእል ንፍትሒ ምምላስ ማለት ንዲሞክራሲ ወይ ንህዝባዊ ስልጣን ምምላስ ማለት እዩ። ፍትሒ ወጽኢት ዲሞክራሲ ካብ ኮነት ብቐዳምነት ዲሞክራሲ ክህሉ ከአ ልዑላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ክሕሎን ክረጋገጽን የድሊ። ሓድነት ህዝቢ ከም ኣምር ምጭራሕ ዘይኮነ ንሓድነት ህዝቢ ውሕስና ዝኸውን ፍትሕን ማዕርነትን ዜጋታት ምስ ዝረጋገጽ እዩ። ፍትሕን ማዕርነትን ኣብ ዝተረጋገጸሉ ሃገር ሰላም ደሰፍን። ሰላም ኣብ ዝሰፈነሉ ከኣ ህዝቢ ጸጋታት ሃገሩ ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣፍደገ ስለዝኸፈት ቁጠባ ሃገርን ህዝብን ንክምዕብል ምቹእ ኩነታት ይፈጥር። ህዝብና ብናይ ሓባር ዕላማ ስትራተጂን ናይ ዓወት-ጎደናን ኣብ ዝተሰረረሉ ቦታታት ብምጥርናፍ ቀጺሉ ዞባውን ኣህጉራውን ደረጃ ጥርናፈ ብምርግጋጽ ብህዝባዊ ምትእስሳር (ማሕበል) መላኺ ስርዓት ኣብ ምልጋስ ይኹን ዘተኣማምን ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ንህዝቢ ትገለስግል።

ተልእኾ ፍትሒ መጽሔት ከኣ፡ ነቲ ድሕሪ መሪርን ነዊሕን ብረታውን ህዝባውን ቃልሲ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ኤርትራ፡ ካብ ብርሰትን ዕንወትን ንምድሓን ነቲ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ኣሳጢሑ ዘሎ መላኺ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ ብስሙር ህዝባዊ ቃልሲ ብምልጋስ፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ዘዕቆበት ሃገር ብምርግጋጽ፡ ንኹሉ መልክዓት ጭቆና ወጊድካ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰልን ማዕርነትን ዜጋታት እተውሕስ፡ ብግዝኣተ-ሕጊ እትመሓደር፡ ፍትሓዊት ቅዋማዊት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኢዩ።







ፍትሒ ከከም ኣድላይነቱ ብጎይትኦም ኢማም እትዳሎ መጽሔት ኢያ። ሕታም - ሕዳር 2018
Contact info – Goitom Emam deleyti.fithi@gmail.com Edition - Nov. 2018

| ትሕዝቶ መጽሔት | TABLE OF CONTENTS | ገጽ |
|---|---|---|


I. ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር (ኤህም)

1. መእተዊ ................................................................ 3

II. ኣድላይነት ናይ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ........................................ 4-5

III. የዕኑድ ናይ ህዝባዊ ምትእሰሳር (Pillars of EPN) ................................. 6

1. ሓባራዊ - ዕላማ ............................................................. 6

2. ሓባራዊ ስትራተጂን ናይ ዓወት-ጎደናን .......................................... 6

3. ቅርጻ ምትእስሳርን ሓባራዊ ህዝባዊ መሪሕነትን ................................. 7

4. ከተማዊ/ቦታዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ............................................. 8

5. ንኡስ-ዞባዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ................................................ 8

6. ዞባዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ........................................................ 8

7. ኣህጉራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር .................................................... 9-11

IV. ናይ ህዝቢ ምትእስሳር ክበሃል እንታይ ከማልእ ኣሎዎ? ................................ 11

V. መኣዝኑ ዝሰሓተን፡ ቀላሲ ዝሰኣነን ሓርነታዊ ቃልሲ ....................................12-15

VI. መጸዋዕታን ምሕጽንታን ንደገፍቲ ስርዓት-ህግደፍ ...................................... 15-20

VII. ህዝበይ ኣይንጥለም ሰማእታት፡ ኣይነግድዕ ሓርበኛ........................................ 20-21

VIII. Are we or Isaias to be blamed if Eritrea loses its sovereignty? ...... 22-25

IX. መዘኻኸሪ - Final Reminder ........................................................ 25

# I. ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር (ኤህም) – Eritrean People's Network (EPN)

## 1. መእተዊ

ሃገርን ህዝብን ንምድሓን፡ ኣብ ደምበ ፍትሒ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ማሕበራት ሓያለ ተበግሶታት (Initiatives) ይርኣዩ። ተበግሶታት ምግባር እኳ ክተባባዕ ዝግበኦ እንተኾነ፡ እቶም ተበግሶታት ነቲ ቀንዲ ጸገምና ናይ ሓቢርካ ዘይምስራሕ ዝምልስ ኮይኑ ኣይረኸብክዎን። ኣብ ሓደ ዘይጥርነፍ (Not coordiantated ዘይጥመር) ምብዛሕ ተበግሶታት፡ ከም'ቲ ምብዛሕ ፖለቲካዊ ውድባት ኮይኑ ነቲ ዝድለ ዘሎ ህጹጽ ለውጢ ከምጽእ ኣይክእልን ኢዩ። ዝኾነ ተበግሶ ክምልሶ ዘሎ ሕቶታት፣

1. ነቶም ሓባራዊ ዕላማታት ንምስልሳል፡ ብከመይ ዝበለ ጥርናፈ፡ ደንበ ፍትሒ ሓቢሩ ክቃለስ ይበቅዕ (ስእላዊ ቅርጺ)
2. ኣብ ዝተፈላለየ ጸፍሕታት ማለት ከተማ፡ ንኡስ-ዞባ፡ ዞባ ኣህጉሩን ዝወጹ መደብ-ስርሓት እቲ ቃልሲ ናብ ሓደ መኣዝን ከቕንዕ ስራሕ ዘወሃህዳ ሽማግለታት (መሪሕነት) ብከመይ ይምረጻ ዝብላ ክምልሳ ዘለወን ሕቶታት ኢየን።

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእሳሳር ነዘን 2 ሕቶታት እዚኣን ብምምላስ፡ ኩላትና ደለይቲ ፍትሒ ብውልቂ ንቓለስ ይኹን ብዝተወደበ፡ ነቲ ዝተፈላለየ ተበግሶታት ኣብ ሓደ ናይ ቃልሲ ጥምረት ብምዕሳል፡ ሓቢርና ክንቃለሰሉ ዘኽእል ህዝባዊ ጥርናፈ ኢዩ። እዚ ምትእሳሳር'ዚ ከም'ቲ ኣብ ታሕቲ ኣብ ትሕቲ ዕላማ ተገሊጹ ዘሎ፡ ኣብ ውሱን ዕላማታት በብቀዳምነታት ዝሰርሕ፡ ንስልጣን ዘይሻሞ ናይ ሓባር መኣዲ ናይ ህዝቢ መቃለሲ ምትእስሳር ኢዩ። ድሕሪ ምልጋስ ስርዓት ህግደፍ ከኣ ኣብ ዳግመ-ምህናጽ ናይ ሃገርን ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ህዝብና እንደገና ንክይገሃሱ ዝጣበቕን ተጽዕኖ ዝፈጥርን ሲቪካዊ ጥራናፈ ኮይኑ ክቕጽል ይኽእል።

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ነቲ ዝነበረ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ሓደ ዝጥርንፍ፡ ብሓደ ስም ዝጽውዓሉ ካብ ዝተቐሰሙ ተሞክሮታት ዝተመሓየሸ እማመ ኢዩ። እዚ እማመ (Proposal) እዚ ከኣ ብትሕዝቶኡ ሓርፋፍ (Draft) መበገሲ ሓሳብ ኮይኑ፡ ብህዝቢ ክህብትምን ክመሓየሽን ዝኽእል ምኻኑ ኩላትና ክንርደኦ የድሊ። ካብ'ዚ እማመ'ዚ ዝሓሸ ንህዝቢ ጠርኒፉ ብሓድነት ከቃልስ ዝኽእል ኣሎ'ኒ ዝብል ዜጋ፡ ፖለቲካዊ ጥርናፈ ወዘተ ናብ ህዝቢ ከቕርብ ይዕድም። እቲ ኣገዳሲ፡ እቲ ዝቐርብ እማመ መን ኣቕሪብዎ ዘይኮነስ ንህዝቢ ብሓባር ብምጥራናፍ ከቃልስን ናብ ዓወት ኩብጽሖን ዝኽእል ድዩ ኣይኮነን ኢዩ።

- ነቶም ክሳብ ዕለት ሎሚ ህዝባዊ ምትእስሳር ወይ ምንቅስቓሳት ከም ዝሓሸ መተካእታ ዓጊቦም በብዘሎዎ ቦታታት ጻዕርታት ዘካይዱ ዘለው ዜጋታት፡ ጉጅለታት፡ ከተማዊ ምጥርናፋት ወዘተ ብምልላይ እቲ ተበግሶታት ንክወሃሃድን ናብ ሓደ ዕላማን ስትራተጂን መደብ ስራሕን ንክዓስል ጻዕርታት ምክያድን ንክትኣሳሰር ምስራሕን።
- ነቲ ካብ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ምትእስሳርን ዘሎ ናይ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሰልፍታት፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ተበገሶታትን ኣብ ህዝባዊ ምትእስሳር ክጥርነፍ ዝኽእለሉ መንገዲ ስሚናራት ብምክያድ ዝጥረነፈሉ መንገዲ ምስራዕ ከድሊ ኢዩ።
- ነዚ መደባት'ዚ እተወሃህድ ሽማግለ ካብ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን፡ ህዝባውያን ምንቅስቓሳትን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ ምውጻእ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ። ካብ እተን ዝቖማ ዞባውያን ኣወሃሃድቲ ሽማግለ ከኣ ኣህጉራዊት ኣወሃሃዲት ሽማግለ ክምእትወጽእ ይግበር።
- እዛ ግዚያዊት ኣህጉራዊት ኣወሃሃዲት ሽማግለ ክልተ ዕማም ስራሕ ይወሃባ

➢ ብዛዕባ ጥርናፈ ናይ ህዝቢ ዝምልከት (ሓቢርካ ምቅላስ) - ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ኣብ ምምስራት

➢ እዚ ኣብ ቁጽሪ ሓደ ዘሎ ብመስርሕ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ክሰላሰል ዘሎዎ ስለዝኾነ ግዜ ዝወስድ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ካብ ውሽጢ እተን ዞባውያን ኣወሃሃድቲ ሽማግለ ኣብ ትሕቲ እታ ኣህጉራዊት ኮይና እትሰርሕ ንህጹጽ መደባት ግዚያዊት ፈጻሚት ኣወሃሃዲት ኣካል ክምእትመዝዝ ይግበር። እዚ ከኣ፡ ነቲ ንሃገርን ህዝብን ተንጸላሊዎ ዘሎ ሓደጋ፡ ብመጽናዕቲ፡ ብዝተወሃሃደ ዓቕሚ ኣብ ሓጺር እዋን ክውሰዱ ዝከኣሉ ስጉምትታት መደባት እትሰርዕን ከምዝፍጸሙ እትገብር ሽማግለ የድሊ በሃላይ ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ብህጹጽ ዘድልዩና ነገራትን ዘላቒ ፍታሕ ዘምጽኡልና መደባትን ማዕረ ብማዕረ ከነስርሖም ናይ ሃገራና ሃሎዋት ስለዘገድዱና ኢዮም። ካብ'ዚ ንላዕሊ ዝርዝር ዘድልዮ ኮይኑ ኣይሰመዓንን። መሰዋእቲ ዝሓተት ስጉምታት ዘድልዮም መደባት ብዝቐልጠፈ ክምዝድሊ ምስትብሃል እኹል ይመስለኒ፡

## II. ኣድላይነት ናይ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር

ንመከራን ኣደራዕን ህዝብና ንምንጋፍ፡ እቲ ኣብ ቅድሚኹና ዘሎ ዝሓሸ ኣማራጺ ነቲ ሓባራዊ ማእከላዊ ዕላማ፡ ማለት ኣብ ሃገርና ኤርትራ ምልኪ ብፍትሒ ክትካእ ዝተወደበን ዘይተወደበን ደላይ ፍትሒ ሓቢሩ ጸረ ጉጅለ መራሕቲ ህግደፍ ዝመርሕዎ መላኺ ስርዓት ስሙር ህዝባዊ ቃልሲ ምክያድ እዩ። እቲ ቀዳማይ መሰረታዊ ዕላማ፡ ምልካዊ ስርዓት ኣልጊስካ ምልኪ ብፍትሒ ምትካእን ምርግጋጽን ኢዩ። ክረጋግጋጽ ህዝቢ ነቲ ለውጢ ከምዝመርሖን ከምዝቖልሶን ብምግባር ዘተኣማምን ነባሪ ፍትሕን ሰላምን ማዕርነትን ዜጋታት ንምርግጋጽ ህዝባዊ ምትእስሳር የድሊ። ክሳብ ዕለት'ሎሚ፡ ካብ ሓቢርካ ሽግር ሃገርካን ህዝብኻን ምፍታሕ ካልእ ዝሓሸ ኣምራጺ ኣየተረኸበን። ደንበ ፍትሒ ኣብ ዘይመሰረታዊ ካልኣዊ ዝኾኑ ፍልልያት ተጸሚዱ ክሰሓሓብን ክዋጠጥን ሓያለ ዓመታት ጊዜኡ ኣባኺኑ ኢዩ። ኣብ ክንዲ ኣተኩረና ቀዳምነታት ብምስራዕ ምስ መድረኽ ዝጠልቦ ኣብ ሓባራዊ ቃልሲ እንጽመድ፡ ኣብ መጻኢ ብህዝቢ ክፍትሑ ዝኽእሉ ካልኣዊ ዝኾኑ ጉዳያትን ኋል-ነገርን ወርቃዊ ግዜ የሕሊፍና። ከም ውጺኢት ከኣ፡ ዝበዝሐ ክፋል ናይ ህዝብና ኣብ ገዛእ ጉዳዩ ተዓዛባይ ኮይኑ። ንህሉወና ኤርትራን፡ ህዝቢ ኤርትራ ተጻዊንዎ ዘሎ ምልክን ሕሰምን ኣደራዕን ተፈላሊኻ ከልግስ ዘይከኣል ምኳኑን ዝሓለፉ ተሞክሮታት ስለዝምህሩና ኢዮም። ነዚ ናይ ሓባር ጸገም ዝኾነ መላኺ ስርዓት ንምእላዩን፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ብወገን ህዝቢ ዝጥለብ ሓድነትን ስራሕን ብተግባር ክንሰርሓሉ ብዘይምኽኣልና ኣደራዕ ናይ ህዝብና ክነናግፍ ኣይበቓዕናን። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ መሪሕነት ጉጅለ ህግደፍ ጸይቅን ኣዕናውን ተግባራቱ ንክፍጽም እኹል ዕድል ረኺቡ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ናይ ወጥሪ ኩነታትን ኣብ ገሃንመ-ጸልማት የእትይዋ ይርከብ። ንዕላማታት መስዋእቲ ተጋድሎ ህዝብና ዝጠልም መደብ ሰሪዑ፡ ሰብኣዊ ክብሪ ዜጋታትና ብሕሱም ዝድህኽ ዘሎ መሪሕነት ጉጅለ ህግደፍ፡ ብስሙር ቃልሲ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ብህጹጽ ከልግስ ስለዘሎዎ ኢዩ።

ነቲ ናይ ተጎናጺልካ መኣዝኑ ዝሰሓተ ዘይዐውት ቃልሲ፡ ሓቢርካ በቶም ዘሰማምዑኻ ሓባራዊ ዕላማታት ምስራሕ እቲ ዝሓሸ ኣማራጽን መፍትሕን ክኸውን ዝኽእል ዝተጠርነፈ ናይ ህዝቢ ምትእስሳር የድሊ። ኣድላይነት ናይ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር፡ ህዝብና ተጠርኒፉ ዓቕሙ ብምውህሃድ ሃገሩን ህዝቡን ንምድሓን ንክበቅዕ ኢዩ። እቲ ዝለዓለ ስትራተጂ ንኣብ ሃገራዊ ጉዳዩ ተዓዛባይ ክኸውን ዝመረጸ ዝበዝሐ ህዝብና፡ ጎስጓስ ብምክያድን ብምልዕዓልን ናይ ቃልስን ለውጥን ዋንነት ተሰሚዕዎ ታሪኻዊ ህዝባዊ ሓላፍነቱ ክልዕል ምግባር ኢዩ። ነቲ ድሕሪ መሪርን ነዊሕን ብረታውን ህዝባውን ቃልሲ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ኤርትራ፡ ካብ ብርሰትን ዕንወትን ንምድሓን፡ ነቲ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ኣሳጢሑ ዘሎ መላኺ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ ብስሙር ህዝባዊ ሓባራዊ ቃልሲ ብምልጋስ፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ዘዕቀበት ሃገር ብምርግጋጽ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰልን ማዕርነትን ዜጋታት እተውሕስ፡ ብግዝኣተ-ሕጊ እትመሓደር፡ ፍትሓዊት ቀዋሚት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምርግጋጽ ኢዩ። ሃገርና ካብ'ዚ ኣትያቶ ዘላ መዋጥር ክነውጽእን፡ ናብ ዝኸፍኣ ሓደገኛ ኩነታት ከይትኣቱን፡ ነዚ ዘሎ መላኺ ስርዓት ብናይ ህዝቢ ጥርኑፍ ተሳትፎ ጥራሕ ኢና ክነልግሶ እንኽእል።

ናይ ህዝቢ ምትእስሳር፡ ኣብ ምልጋስ ጉጅለ ህግደፍ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ካብ ቃልሲ በኹሩን ዛሕቲሉን ንዝጸንሐ ዝበዝሐ ክፍሊ ህዝብና ኣበራቢሩ፡ ንዓቕምታትን ጸጋታት ህዝቢ ኤርትራ ጠርኒፉ፡ ኣድማዕን ውጽኢታውን ሓይሊ ህዝቢ ንክፈጥር እምበር ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ ኣይኮነን። ናይ ህዝቢ ምትእስሳር ክበሃል እንከሎ ብነጻ ተበግሶ ናይ ዜጋታት ዝቖውም፡ ካብ ታሕቲ ካብ እንነብረሉ ቦታ፡ ናብ ላዕሊ ዝቐነዐ ንኣብ ዲያስፖራ ዝነበር ፍትሒ ዝብህግ ኤርትራዊ ዜጋ ብማዕረ ዘሳትፍ ምጥራናፍ`ዩ። ስርዓት ህግደፍ ብዘይ ገለ ደገፍ ናይ ህዝቢ ጠጠው ክብል ስለዘይክእል፡ ተደናገጽትን ደገፍትን ናይ'ቲ ስርዓት ብውሑሉል መንገዲ የዕጊብካ ኣካል ናይ'ቲ ህዝባዊ ምትእስሳር ምግባር ኢዩ። ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ዘዝርከብዎ ቦታታት ተጠርኒፎም ንህዝቢ ካብ ጽልዋ ህግደፍ ሓራ ብምውጻእ ህግደፍ ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘይብሉ ዕርቃኑ ምውጻእ ኢዩ።

ህዝባዊ ምትእስሳር ኣብ ዲያስፖራ ዝግበር ቃልስን ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝካየድ ናይ ለውጢ ምንቅስቓሳት ድልድል ብምፍጣር ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብህዝባዊ ማዕበል ንምልጋስን፡ ህዝቢ ዝቆጻጸሮ ዘተኣማምን

ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንክረጋገጽ እጃሙ የበርክት። እቲ ብውክልና ዞባዊ ህዝባዊ ምትእስሳራት ዝቖውም ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ዕላዊ ወኪል (ልኡኽ) ናይ ኩሎም ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ብምውካል ነቲ ቃልሲ ብውህደት ይመርሕ። ነቲ ብሕሱም ምልካዊ ጭኮና ተዓፊኑ ዝድሃኽ ዘሎ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ኣፍን ድምጹን ኮይኑ፣ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ብስም ህዝቢ ኤርትራ ንክጣበቕ ሞራላውን ሕጋውን ውክልና ይህሉዎ። ነቲ ንህዝቢ ኣብ ሓደ ዝጠርነፎ መድረኻዊ ዕላማን ስትራተጂን መደብ-ስራሕን ዓቕሚ ህዝቢ ኣወሃሂዳ ምልኪ ህግደፍ ክስዓርን ናብ ውሑስ ዘተኣማምን ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ክረጋገጽ ትሰርሕ።

ለውጢ ስለ ለውጢ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ዝቆጻጸሮ፡ ንረብሓ ህዝቢ ዘውሕስ ለውጢ ክኸውን ህዝባዊ መድረኽ ልዝብ ክኽፈትን ዲሞክራስያዊ ትካላት ካብ ውሽጢ ህዝቢ ክቦቕላን ክዕንብባን ክሰርሓሉን የድሊ። ህዝብና ኣብ ገዛእ ዋኒኑ ተዓዛባይ ካብ ምኳን ሓሊፉ ቀንዲ ተዋሳኣይን ናይ ቃልሲ ቀላሳይን ክኸውን ምስ ዝበቅዕ ጥራሕ'ዩ ዘተኣማምን ህዝባዊ ስልጣን ክረጋገጽ ዝኽእል። ከም'ቲ ናይ ዝሓለፈ ተሞክሮ ብጉጅለ ህግደፍ ባህጊ ህዝብና ዝተጨውየ፡ ኣብ ዝመጽእ ግዜ'ውን ብዲሞክራሲ ዝዝምሩ ምልካውያን ከይጥለም፡ ህዝቢ ናይ ቃልሱ ሰራሕን፡ መራሕን፡ ወሳንን ምስ ዝኸውን ጥራሕ'ዩ ዘተኣማምን ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክትከል ዝከኣል። ህዝብና፡ ዋና ሃገሩን ወሳኒ መጻኢ ዕድሉን ንክኸውን መሰሉን ሃገራዊ ረብሕኡን ብንቕሓት ክምክት ክኽእል ምዕጣቑን ምድላዉን ኩሉትና ብግብሪ ከንሰርሕን የድልየና።

ህዝባዊ ምትእስሳር ብዙሕ ርእይትታት ዘሎዎም ኣህዛብ ጠርኒፉ ስለዝጉዓዝ፡ ኣብ ውሱናት ዘሰማምዕዎ ዕላማታት ጥራሕ ኢዩ ክሰርሕ ዝኽእል። እዚ ከኣ፡ ብሓባራዊ ዕላማ፡ ብሓባራዊ ስትራተጂ፡ ናይ ዓወት-ጎደና፡ ህዝቢ ብምጥርናፍ፡ ብናይ ሓባር ህዝባዊ መሪሕነት ተማእኪልካ፡ ግብራዊ ሓባራዊ ስራሕ ብምክያድ ዘላቒ ሃገራውን ህዝባውን ፍታሕ ምርግጋጽ ኢዩ። ካብ ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ናይ ህዝቢ ምንቅስቓሳት ተሞክሮ እንተተዓዚብና፡ ኣብ ርእሲ ተወፋይነት ዘይምህላው፡ እተን ዝበዝሓ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ኣብ ምድኻም ናይ ዝተጠርነፉ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ኣሉታዊ ተራ ነይርወን ኢዩ። ናይ ህዝቢ ምትእስሳር ወይ ምንቅስቓስ ንሕናን እስኻትኩምን ዝብል ኣምር ንምጥፋእ ኢዩ። ሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ ንመጻኢ ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምሓዝ ንህዝቢ ዘዕግብ ሓሳባት እንተሃልይዎ ኣብ ዝተጠርነፈ ህዝቢ ሓሳባቱ ክጸሉ ዝቐለለ ስለዝኸውን ምጥርናፍ ናይ ህዝቢ ከተባብዖ ኢዩ ዝግባእ። እንተዘይኮይኑ፡ ህዝባዊ ዕላማ የብልካን ማለት ኢዩ። ከነስተብህለሉ ዘሎና፡ እዞም ኣብ ዲያስፖራ ዘሎና ንለውጢ እንቃለስ፡ ብቀጥታዊ መንገዲ ናይ ስልጣን ተቐራቐስቲ ኣይኮናን። ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ህዝብና ንክርህዎ እንቃለስ ናይ ሕልና ተቓለስቲ ኢና። ብዘይምልከተና ናይ ጽባሕ ናይ ስልጣን ቅጫ፡ ግዜና ከነባኽን ኣይግባእን። ንፍትሒ ይቃለስ ኢዩ እንዳበልካ፡ ህዝቢ ሓቢሩ ንከይቃለስ ምዕንቃፍን ምዝራግን እንተድኣ ኮይኑ፡ ብተግባር ካብ ህግደፍ ዝፈልየካ የለን። እዚ ተግባራት'ዚ ብዘይንሓፍነት ከም ህዝቢ እንተዘይተቓሊስናዮ፡ እቲ ቃልሲ ህዝቢ ለሚሱ፡ ህዝቢ ተሳፋ ቀሪጹ መፍቶ ናይ ጉጅለ መሪሕነት ህግደፍ ክኸውን ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ብዘይተወፋይነት ክረጋገጽ ዝኽእል ለውጢ የለን። ብኣፍካ ኣንጻር ምልኪ እንተዘመርካ፡ ምልኪ የልግስ ምባል ባህጊ ጥራሕ ኮይኑ ኢዩ ክተርፍ። ብዘይ ግዜኻ፡ ገንዘብካ፡ ጉልበትካ ምውፋይ ዝመጽእ ለውጢ የለን። ቃልሲ ውሑዳት ክሰርሕዎ ንነብስኻ ከየተወፈኻ፡ ሰባት ዝሰርሕዎ ኣብ ምንቃፍ ግዜኻ ምብኻን ለውጢ ኣይምጽእን ኢዩ።

ብርእይቶይ መለለዩ ስም ናይ እቲ ምትእስሳር ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእሳሳር (Eritrean People’s Network - EPN) ዝብል ኢዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ግን፡ ብካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝቐንዐ መስርሕ ወከልቲ ዞባታት ኣብ ዝገብርዎ ጉባኤ ክውሰን ይኽእል። እቲ ዝዓበየ ጉዳይ ግን ስም ዘይኮነ፡ ነቲ ሓባራዊ ዕላማ ስትራተጂን፡ ብዘዐውት መንገዲ ሒዝካ፡ ህዝቢ ሓቢሩ ብግብሪ ክሰርሕ ምስ ዝበቅዕ ጥራሕ ኢዩ። ዕላማ ወይ ዘረባ ብዘይ ግብሪ ግን ኣብ ዓዲ ዘብጽሕ መንገዲ ዓወት ኣይኮነን። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዘዝርከበሉ ቦታታት፡ ህዝባዊ ምትእስሳር ብምክያድ ሕዝቢ ተጠርኒፉ ብሓባር ኣብ መደብ ስራሓት ተጸሚዱ ብግብሪ ክሰርሕ፡ እቲ ዝሓሸ መዋጽኦ ምኳኑ ብምርዳእ፡ ህዝቢ ኣብ ዘዝነበረሉ ቦታታት ክጥረንፍ የማሕጽን።

## III. የዕኑድ ናይ ህዝባዊ ምትእስሳር (Pillars of EPN)

**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ንክዕወት፡ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ኣምራት ንጹር ናይ ሓባር ተረድኦ ሃልዩና መኣዝና ከይሰሓትና ብግብሪ ኣብ ከተማዊ፡ ንኡስ ዞባዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ጽፍሕታት ክንሰርሕ ምስ እንበቅዕ ኢዩ።**

| | | |
|---|---|---|
| I. | **ንጹር ሓባራዊ ህዝባዊ ዕላማ** | - Clear Common Goals/Objectives |
| II. | **ንጹር ሓባራዊ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን** | - Clear Common Strategy & Road Map |
| III. | **ቀርጻ ምትእስሳርን ሓባራዊ ህዝባዊ መሪሕነትን** | - Network Structure & Common Leadership |
| IV. | **ንጹር ናይ ሓባር ህዝባዊ መደብ ስራሕ** | - Clear Commn Work Plan |
| V. | **ንጹርን ሓባራዊ ግብራዊ ስራሕ** | - Clear Common Action |

### 1. ሓባራዊ ዕላማ

1. **ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ካብ'ዚ ተሳጢሖምሉ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ምልጋስ።**
   - **ልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ተሳጢሓ፡ ህዝባ ከኣ ይበታተንን ምህላዉን፡ ኤርትራ ህዝቢ ዘይብላ ሃገር ከይትኸውን ብምስትብሃል።**
   - **ስርዓት ህግደፍ፡ ኩሉ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ኤርትራ ረጊጹ፡ ኣሽሓት ፖለቲካዊ እሱራትን ዜጋታትን ብዘይ ፍርዲ ኣብ ሕሱም ማእሰርቲ ሓይሩ፡ ሃለዋቶም ዘይፍለጥ ኣብ ሓደጋ ምህላዎም ብምርዳእ።**
   - **ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰላምን ራህዋን ክነብር፡ ናይ ህዝቢ ዝኾነ፡ ብህዝቢ ዝቐውም፡ ንህዝቢ ዘገልግል ህዝባዊ መንግስቲ ክተክል ክበቅዕ።**

2. **ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምልጋሱ፡ ኤርትራ ብቐዋም እትመሓደር ዲሞክራሲያዊት መንግስቲ ንምርግጋጽ ክከኣል፡ ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ተጠርኒፉ ኣወንታዊ ግደ ክገብርን ባይታ ከጣጥሕን ክበቅዕ።**
   - **ንሰላማዊ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ምስግጋር ዝሕግዝ ኣስተዋጽኦ ምግባር።**
     - **ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ እንደገና ኣብ ምልካዊ መንግስታዊ ስርዓት ንከይወድቕ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝግበር ለውጢ ጸላዊ ዝዓዘዘ ተራን ኣስተዋጽኦን ክገብር ክበቅዕ።**
   - **ብስርዓት ህግደፍ ዝዓነወ ትሕተ-ቀርጻ ይኹን ንቁጠባውን ማሕበራውን መነባብሮ ዝሕግዝ ቀድመ-ምድላው ብምግባር ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ኣስተዋጽኦ ክገብር ክበቅዕ።**

### 2. ሓባራዊ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን

- **ንኣብ ዲያስፖራ ዝነብሩ ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ኣረዲእካ ኣካል ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ንምግባር ቀኑዕ ስትራተጂን ናይ ቅልሲ ስእልን ምኽታል።**
- **ብመሪሕነት ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ፡ ካብ መንግስታውን ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን ንለውጢ ዝሕግዝ ሓገዛት ንክርክብ ንጹር ስትራተጂ ምውጻእ።**
- **መርሕነት ህዝባዊ ባይቶ ብዲፕሎማስያዊ ቤ/ጽሕፈት ኣቢሉ፡ ኣብ ዓለም-ለኻዊ ስርዓት ህግደፍ ከምዝንጸልን ጸቕጢ ከምዝግበረሉ ምግባር።**
- **ኩሉ ንለውጢ ዝበህግ ህዝብና ብምትእስሳር፡ ንዘሎ ዓቕምታት ናይ ውሽጥን ደገን ህዝብና ብምውህሃድ፡ ስርዓት ህግደፍ ቀልጢፉ ብህዝባዊ ማዕበል ዝወድቐሉ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን ምውጻእ።**
- **ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ንጹር ዘዐውት ስእሊ ናይ ቃልሲ ምሕንጻጽ**

## 3. ቅርጻ ምትእስሳርን ሓባራዊ ህዝባዊ መሪሕነትን (ቀላሲ)

**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእሳር ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝቖመ ቅርጻ ይህሉዎ። እዚ ቅርጻ እዚ ከኣ ንንጹርነት ናይ መደብ ስራሓት ኣብ ጽፍሕታትን ብግብሪ ኣብ ምስራሕን ንተሓታታነት ህዝቢ ዝወከሎ ዝሕግዝ ቅርጻ ኢዩ።**



## 4. ከተማዊ/ቦታዊ ህዝባዊ ምትእስሳር

ከተማዊ/ቦታዊ ህዝባዊ ምትእሳሳር ንኹሎም ለውጢ ዝበህጉ ኣብ ሓደ ቦታ ወይ ከተማ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ዘተኣሳስር ኣሃዱ ሓድነታዊ ናይ ህዝቢ ጥርናፈ ኢዩ።

- ኣብ ውሽጢ ህዝብና ዝርከብ ናይ ዘይምትእምማን ክህሉ ዝኽእል ፍልልያትን ሽግራትን ኣብ ህዝባዊ መድረኽ ልዝብ ንክፍታሑ ምጽዓር።
- ንደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ካብ ጽልዋ ናይ ስርዓት ህግደፍ ብውሕሉል መንገዲ ነጻ ብምውጻእ፡ ህግደፍ ኣብ ዲያስፖራ ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘይብሉ ብምግባር ምስ ውሽጢ ሃገር ህዝብና ናይ ቃልሲ ምትእስሳር ብምድልዳል ስርዓት ኣብ ዝሓጸረ ንምልጋስ ባይታ ምፍጣር።
- ህዝባዊ ምትእስሳር ዘድልዮ ንለውጢ ዝሕግዙ ሰብኣውን ገንዘባውን ዓቕምታት ኣበርክቶ ምግባር። ንኣብነት ነፍሲ ወከፍ ዜጋ $30 እንተተመዲቡሉ፡ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዘድሊ ገንዘባዊ ባጀት ተጸኒዑ እቲ ገንዘብ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ከከም ኣድላይነቱ ከምዝመቓራሕ ይግበር። ክንፈልጦ ዘሎና ግን፡ ብዘይ ተወፋይነት ናይ ግዜኻን ገንዘብካን ዝመጽእ ለውጢ የልቦን። ኣብ ዞባን ኣብ ኣህጉሩን ሙልእ ግዜኦም ዝቃለሱ ሰባት ከምዘድልዩ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን።
- ብደረጃ ከተማ ይኹን ብካልኦት ጽፍሕታት ዝወጹ መደብ ስራሓት በተግባር ንክስርሑ ተሳታፍነት ናይ እታ ከተማ ዕዙዝ ክኸውን ብተግባር ምስራሕ ወዘተ
- ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ሓደ ቦታ/ከተማ ኣሎ ክበሃል ከማልኦ ዘሎዎ መሰርሕን፡ ዕላውንትን ሕጋውነትን ብግቡእ ናይ ሓበር ተረደኦ ምህላው።

## 5. ንኡስ-ዞባዊ ህዝባዊ ምትእስሳር

ብደረጃ ንኡስ-ዞባታት ዝግበር ጋድማውን ትኹላውን፡ ምትእስሳርን ኣብ ወለንታዊ ድሌት ናይተን ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶታት ዝምርኮስ ኢዩ። እዚ ከኣ፡ ብጆኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ናይተን ከተማታት ብምትእስሳር ሓባራዊ ፕሮጀክት ንምስልሳል ዝግበር ናይ ህዝባ ጥርናፈ ኢዩ። ብከተማታት ደረጃ ዝተጠርነፉ ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶታት ንናይ ሓባር ፕሮጀክት ከዐውታ ክትኣሳስራን ዝምድና ክፍጥራን የድሊ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ-ዓለማት፡ እቲ ኣጠራንፍ ናይን ኡስ ዞባታት ክፈላለ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ኣመሪካ ብከተማታት ንኡስ ዞባታት ክቖውም ይኽእል። ኣብ ኣውሮጳ ከኣ ብሃገራት ክቖውም ይኽእል።

- እቲ ብዞባ ደረጃ ዝወጽእ መደብ ስራሓት እውን ብደረጃ ንኡስ ዞባታት ስራሓት ክመቓረሑ ዝያዳ ውጺኢታዊ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ናይ ንኡስ ዞባታት ጋድማውን ትኹላውን ምጃምን ምትእስሳርን የድሊ።
- ሓባራዊ ሰሚናር፡ መደብ ኪነ-ጥበብን ባህልን፡ ናይ ንኡስ-ዞባ ሰለማዊ ሰልፊ ምድላው ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።
- ኣባላት ፓርላማ ናይ’ታ ንኡስ ዞባ ብምርካብ ነቲ ዓለም-ለኻዊ ተጽዕኖ ንምሕያሉ ስርሓት ክሰላሰሉ ይግበር።
- ውክልና ዞባዊ ባይቶ ካብ ከተማታት ወይ ካብ ንኡስ ዞባታት ዝተወከሉ ኣየናይ ከምዝሓይሽ እተን ናይ ከተማታት ህዝባዊ ባይቶታት ምርድዳእ ከድልየን ኢዩ።

## 6. ዞባዊ ህዝባዊ ምትእስሳር

ብንኡሳን ዞባታት ደረጃ ዝተጠርነፉ ናይ ህዝቢ ምትእስሳራት ብደረጃ ብዝሒ ሓቒፎንኦ ዘሎዋ ብዝሒ ህዝቢ ወከልተን ብምስዳድ እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ይቖውም። እዚ ቀጥታዊ ውክልና ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ከኣ ዘይተወከላ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ማሕበራትን እንተድኣ ሃልየን እውን ብዝተጸንዐ መንገዲ ቀጥዒ ወጺእዎ ከምዝውከላ ይግበር። ብተወሳኺ፡ ምስ ንኡሳን ዞባዊ ባይቶታት ብምውካስ እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ብፍልጠቶም፡ ብንጥፈታቶምን ብቕዓቶምን ነቲ ቃልሲ ኣገደስቲ ዝኾኑ ውልቀ-ሰባት ኣባላት ዞባዊ ባይቶ ንክኾኑ ክገብር እውን ብወገኑ ከም ሓሳብ ይድግፍ። እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ፡ ነቲ ዘሎ ዓቕሚ ናይ ህዝብና ብግቡእ ክጥቀመሉን ኣብ ስራሕ ከዋፍሮን የድሊ።

- ኣብ መንጎ እተን ንኡሳን ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ናይ ምትሕብባርን ተወሃሂድካ ምስራሕን ትካላዊ ኣሰራርሓ ባህልን ክምዕብል ጻዕርታት ተካይድ።
- ህዝባዊ ዞባዊ ባይቶታት ኣብ ኣህጉራዊ ዞባዊ ባይቶ ብመሰረት ዝሓቐፈኦ ብዝሒ ህዝቢ ብቕዓት ዘሎዎ ወከልቲ እቲ ዞባ ይመርጻ።
- ብናይ ሓባር ዕላማን ስትራተጂን መደብ-ስራሕን ተጠርኒፈን ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ንምቛምን ንክሰርሕ ዘኽእል መደባት ኣቐድሚካ ቅድመ-ምድላዋት ንምግባር እቶን ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ሓባራዊ ሰሚናራትን መደባትን ይሰርዓ።
- ብዞባ ደረጃ ዝወጹ መደባት ስራሓት ብግብሪ ክምዝሰርሑ ይግበር።

## 7. ኣህጉራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር

ኣህጉራዊ (ዓለም-ለኻዊ) ህዝባዊ ባይቶ ብውክልቲ ናይ ዞባታት ዝቖውም ባይቶ ኢዩ። እዚ ባይቶ'ዚ ብዘይ ናይ ምቛም ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ዝረጋገጽ ስለዘይኮነ፡ ህጹጽነትን ኣገዳስነት ምቛም ናይ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ኣብ ኩለን ክፍሊ ዓለማት (ዞባታት) ክረጋገጽ ኣሎዎ። ቅድሚኡ ግን ከተማውን ንኡሳን ዞባታትን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክቐማ የድሊ። ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ብመሰረት እተን ዞባታት ዝሓቐፎኦ ብዝሒ ህዝቢ ይቖውም። ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ምስ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ብምውኻስ ኣገደስቲ ብቕዓቶም ዘመስከሩ ክሰርሑ ዝኽእሉ ዜጋታት ካብ ኩለን ዞባታት ኣባላት ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ክኾኑ ክውሰኹ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ሓየለ (ክንደይ ዝብል ክጽናዕ ኣሎዎ) ህዝቢ ዝሓቐፋ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ምስ ዘይትውከል፡ ኣህጉራዊ ባይቶ ምስ ዞባዊ ባይቶታት ብምልዛብ ናይ ውክልና ቀጥዒ ከተኣታቱ ንሓድነት ቃልሲ ሓጋዚ ይኸውን። እቲ ክስመረሉ ዘሎዎ ነጥቢ፡ እዚ ባይቶ'ዚ ንኹሉ ዝጠርነፈን ዝወከለን ምግባሩን፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ዝሰርሑ ዓቕሚ ዘሎዎም ዜጋታት ኣብ ስርሓ ክምዝጽመዱ ምግባርን ብቕዓት ዘሎዎ ቀላሲ መሪሕነት ከምዘድሊ ርዱእ ኢዩ።

እዚ ዝስዕብ ቅርጺ፡ ኣቃውማ እግመ ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶን ቤት-ጽሕፈታትን የርኢ። መደብ ስርሓት ብዝርዝር ኣብ ትሕቲ እዞም ቤት/ጽሕፈታት ብፈጻሚት ሽማግለ ኣቢሎም ክምዝሰርሑ ይገበር። እተን ቤት/ጽሕፈታት ከኣ፡

1) ዲፕሎማሲ ቤ/ጽሕፈት - ንዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት እተሰላስል ኣህጉራዊት ቤት-ጽሕፈት

2) ዜና ቤ/ጽሕፈት - መኣዝኑ ናብ ቀንዲ ዕላማታት ዘቕንዐ ዜናዊ ንጥፈታት እትሰላስል ቤ/ጽሕፈት

3) ቁጠባዊ ቤት/ጽሕፈት - ዘድሊ ዓቕሚ ቁጠባዊ ዓቕሚ ናይ ህዝቢ ምትእሳሳር ንምርካብ ምጽዓርን፡ ባጀት ምስላዕን

4) ውሽጣዊ ጉድያት ቤት/ጽሕፈት - ምስ ጸጥታዊ ቤ/ጽ ስርሓት ብምውህሃድ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝሰርሑ ዝተጸንዑ መደበ ስርሓት ምስልሳል

5) ህዝባዊ ርክብን ስርርዕን ቤት/ጽሕፈት - ህዝብና ኣብ ህዝባዊ ምትእስሳር ንክጥርነፍ መደብ ስራሓት እተውጽእን፡ እተሰላስልን ቤ/ጽሕፈት

6) መጽናዕትን ሰሚናርን ቤት/ጽሕፈት - ምስ ህዝባዊ ርክባት ስራሓት ብምውህሃድ መጽናዕቲ ዘድልዩ ነገራት ብኪኢላታት ክምዝጽንዑ ምግባራን ሰሚናራት ኣብ ህዝቢ ክግበሩ መደባት ምውጻእን

7) ስነ-ኪነትን ባህልን ቤት/ጽሕፈት - ዘሎ ዓቕምታት ኪነ-ጥበብ መኣዝኑ ናብ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ብምቕናዕ ንለውጢ ሓገዝቲ ዝኾኑ መደባት ብተግባር ክምዝሰርሑ ንምግባር እተወሃህድ ቤ/ጽሕፈት

8) ጸጥታዊ ጉዳያት ቤት/ጽሕፈት - ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝሰርሑ ስርሒታት ምስ ውሽጣዊ ጉድያት ትሰርሕ ቤ/ጽሕፈት። በተወሳኺ፡ ኣብ ዲያስፖራ ንሰላ ናይ ህግደፍ ዘበርዕን መደባትን ንሓድነትን ስኒትን ደምበ ፍትሒ ዘዳኽምን ምስጢራዊ ስርርዕ ናይ ህግደፍ ከምዝቃልዑን ከምዝፈሽሉን ዝገብር ቤ/ጽሕፈት

## መደብ ስራሕ ናይ ክፍልታትን ቤ/ጽሕፈታትን




9) ደቂ-ኣንስትዮ ቤት/ጽሕፈት- ተራን ተሳትፎን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ከምዝዓዝዝ ዝገብር ቤት-ጽሕፈት

10) ቴክኖሎጅን መራኸብን ቤት/ጽሕፈት - ኣብ ዘሎናዮ መዋእል፡ ግደ ቴክኖሎጂን መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ለውጢ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘሎዎ ብምስትብሃል፡ እዚ ቤ/ጽሕፈት'ዚ ምስ ክፍሊ ዜና ብምትሕብባር፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝግበር ቀሊልን ምዕቡልን መራኸቢታት ሓቀኛ ሓበሬታ ህዝብና ከምዝረክብን ናብ ለውጢ ዘቕንዐ ኣገደስቲ ሓበሬታት ብግዚኡ ከምዝዝርጋሕ ዝገብር ቤት-ጽሕፈት

11) ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያት ቤት/ጽሕፈት - ምስ ዝቐውም ነጻ ናይ ረድኤት ትካል ብምትሕብባር ካብ ኤርትራውያን ዓቕሚ ብምውህሃድ ይኹን ካብ ግብረ-ሰናያት ማሕበራትን መንግስታትን ንኣብ ሕማቕ ኩነታት ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ዝነብር ህዝብናን ናይ ሓርነት ውጉኣትን ሓገዝ ንክግበርሎም ዝጽዕት ቤት-ጽሕፈት። ድሕሪ ምልጋስ ስርዓት ህግደፍ እውን፡ ኣብ ዳግመ-ምጥያስ ዝተሓባበር ቤ/ጽሕፈት ይኸውን።

12) መንእሰያት ቤ/ጽሕፈት - መንእሰይ መንኮርኮር ናይ ለውጢ ከምዝኾነ መጠን፡ እቲ ዝተፈላለየ ማሕበራት ናይ መንእሰያት ኣብ ሓደ ተማእኪሉ ተራኡን ተሳታፍነቱን ዕዙዝ ኮይኑ፡ መኣዝኑ ናብ ለውጢ ዘቕንዐ ክኸውን ዝጽዕት ቤ/ጽሕፈት መንእሰያት።

## ካልእ ነጻ ትካላት

1. ክፍሊ ሕጋዊ ጉድያትን ዕርቅን ሰላምን

   - ክፍሊ ሕጋዊ ጉዳያት - መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ናይ ዓለም ፍርዲ ቤት ንክቐርቡ ዘጽዕርን ብወግኑ እውን ነጻ ቤት-ፍርዲ ብምቛም ብገበን ዝኽሰሱ መራሕቲ ጉጅለ ህግደፍ ፍርዶም ኣብ ዲያስፖራ ዝረኽብሉ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ተኸሰስቲ መሰሎም ከይገሃስ ጠበቓታት ተገይሩሎም ርትዓዊ ነጻ ውሳኔ ፍርዲ ዝረኽብሉ መስርሕ እትሰርዕ ቤ/ጽሕፈት። ግብረ-ስጉምቲ ናይ ፍርዲ ከኣ ንውሽጣውን ጸጥታውን ቤ/ጽሕፈት ከምዝርከቦ ምግባር።
   - ክፍሊ ዕርቅን-ሰላምን - ኣብ ውሽጢ ህዝብና ንክህሉው ዝኽእሉ ዕርቂ ዘድልዮም ጉዳያት መጽናዕቲ ብምግባር ሓድነት ህዝብና ደልዲሉ ስኒትን ሰላምን ከምዝዓስል ምግባር።

2. ክፍሊ ኦዲትን ግምገማን - ንቁጠባዊ ቤት-ጽሕፈት ገንዘባዊ ኦዲት ዝገብር ነጻ ትካልን፡ ከምእውን ንንጥፈታት ፈጻሚት ሽማግለን ቤ/ጽሕፈታትን ናይ ስራሕ ግምገማ ኦዲት ዝገብር ኣካል ኢዩ፡

3. ክፍሊ ረድኤት - እዚ ነጻ ትካል ናይ ረድኤት ቀይሙ፡ ሓገዝ ካብ ግብረሰናያት ብምርካብ ምስ ሕብረተ-ሰብኣዊ ብምትሕብባር ሓገዝ ኣብ ዘተሸገረ ህዝብና ከምዝባዝሰርሕ ትካል።

## IV. ናይ ህዝቢ ምትእስሳር ክበሃል እንታይ ከማልእ ኣሎዎ?

ናይ ህዝቢ ምትእስሳር ዝብል ስም ሰለ ዝተጸወዐ ናይ ህዝቢ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ናይ ህዝቢ ምትእሳሳር ኣብ ሓደ ከተማ ወይ ቦታ ኣሎ ክበሃል ናይ ህዝቢ ከብሎ ዝኽእል ረቛሒታት ምስ ዝማልኡ ጥራሕ ኢዮም። ካብ ኣመሰራርትኡ ኣትሒዙ፡ ዕላምኡ ይኹን መደብ ስርሑ ህዝቢ ማእከል ዝገበረ ካብ ናይ ህዝቢ ዋንነትን መትከላዊ መስርሕን ከይወጸ ግሉጽነትን ዲሞክራስያውነትን ተቐኒቱ፥ ብግብሪ ህዝባዊ መስርሕ ኣካይዱ ናይ ህዝቢ ምትእሰሳር ብግብሪ ምስ ዘረጋግጽ ጥራሕ ኢዩ።

1. ህዝባውነት ብህዝባዊ መስርሕ ምርግጋጽ
   - ንህዝቢ ኣብ ናይ ሓባር ዕላማ በብቦትኡ (ከተማታት) ንምጥርናፍ ዝብገስ ተበግሶ፡ ንኹሎም ልዕሊ 18 ዕድመ ዘሎዎም ኤርትራውያን ዜጋታት (ዝተወደቡን ዘይተወደቡን) ብዘይ ኣፈላላይ ዝዕድምን ዘሳትፍን መስርሕ ክኽተል የድሊ።
   - እቲ ተበግሶ ህዝባዊ ጸዋዒት (መጋባእያ) ዕላማ ናይ'ቲ ኣኼባ ብዕላዊ ጽሑፍ ንኹሉ ህዝቢ ዕድመ ክገብር የድሊ።
   - እቲ ዝተኣከበ ናይ'ቲ ከተማን ከባብን ህዝቢ፡ መወሰኒ ሚእታዊት ናይ ኣወሳስና ቅጥዒ ክሰማማዕ የድሊ። ብርኢይቶይ 75% ናይ ኣኼበኛ ንዕላማ ዝምልከት፥ 67% ንመደብ ስርሓት ዝምልከት፥ 50%+1 ከኣ ንዕለታዊ ኣፈጻጽማ መደብ ስርሓት ብሽማግለ የስርሕን ንሓደነት ከኣ የዕቅብን ዝብል ይኸውን፡
   - እቲ ዝተኣከበ ህዝቢ ከኣ፡ ነዚ ሓርፋፍ (Draft) ኣብ'ዚ ጽሑፍ እዚ ዘሎ ናይ ህዝባዊ ምትእስሳር ዕላማ ከም መበገሲ ተጠቒሙ ዝመሓየሽ ኣመሓይሹ፡ ናይ'ቲ ከተማ ህዝባዊ ምትእስሳር ዕላማ ገይሩ ክጽድቕ ይድለ።
   - መደብ ስራሕ ድሕሪ ምውጻእ ከኣ፡ እቲ ህዝባዊ ጉባኤ ብዝተሓተ 2 ሽማግለታት ይመርጽ፥
     - ነቲ ከተማዊ ምትእስሳር እትመርሕ 5-7 ዝኣባላታ ሽማግለ
     - 3-5 ዝኣባላታ ሽማግለ ወከልቲ እቲ ከተማ ኣብ ንኡስ ዞባዊ ምምሕዳር። ዞባዊ ባይቶ ምትእስሳር ምስ ቀመ ከኣ ካብ'ዚኦም ነቲ ከተማን ንኡስ ዞባን ኣብ ዞባ ይውክሉ። ዘድሊ ቁጽሪ ኣብ ጉባኤ ናይ ንኡሳን ዞባታት ክውሰን ይከኣል።

2. ኣብ ንኡስ-ዞባን ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ናይ ከተማ ህዝባዊ ምትእስሳር ከተማልኦ ዝግበኣ

   ሓንቲ ከተማዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ብወከልታ ኣቢላ ኣብ ንኡስ-ዞባውን ዞባውን ህዝባዊ ባይቶ ንክትሳተፍ ነዚ ዝስዕብ ከተማልእ የድልያ።

   - ነቲ ኣብ ቁጽሪ ሓደ ዘሎ መስርሕ ከምዝካየደት መረጋገጺ ምስ ተቕርብ

- ኣብ ከተማ ጠርኒፈዮም እትብሎም ዜጋታት ዝርዝር ኣስማትን፥ ቴለፎን/ኢመይል ወዘተ ከተቐርብ ምስ ትበቅዕ
- ናይ ወከልቲ ናይ'ታ ከተማ ዕላዊ መሰነይታ ከኣ ዞባዊ ሽማግለ ከተቐርብ ምስ ትበቕዕ'

## V. መኣዝኑ ዝሰሓተን፡ ቀላሲ ዝሰኣነን ሓርነታዊ ቃልሲ

ብስም ዚግ-ዚግለር ዝፈልጥ ኣመሪካዊ ተዛራባይ ብዛዕባ መኣዝን (Direction) ክዛረብ ከሎ- *"ኩላትና 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ግዜ ኣሎና። እቲ ሽግር ሰእነት ግዜ ዘይምህላው ዘይኮነስ፡ መኣዝን ምስሓት ኢዩ"* በለ። ጆን ማክስወል እውን ብዛዕባ ንፉዕ መራሒ ክዛረብ ከሎ *"መራሒ ዝበሃል ዝጉዓዘሉ መንገዲ ዝፈልጥን፡ ብኡኡ ዝጉዓዝን ንካልኦት ከኣ ምስኡ ብኡኡ ከምዝኸዱ ዝገብር ኢዩ"* ይብል። እቲ ትሕዝቶ ናይ'ዘን ክልተ ጥቕስታት ብግቡእ ምስ እንርደኦን፡ እተን ክልተ ወሰንቲ ንዓወት ናይ ሓርነትዊ ቃልሲ ኢየን። ግን ከኣ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ከነረጋግጽ እንካይዶ ዘሎና ቃልሲ፡ ዓበይቲ ብኩራት ወይ ከኣ ጎዲለናና ዘሎዋ እየን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ባህግታት ጠሊሙ ኣብ ገባርን-ሓዳግን ክኸውን ዝበቖዐ ስርዓት ጉጅለ-ህግደፍ፥ ንዕደመ ስልጣኑ ከናውሕ ክብል ከረጋግጾም ዝደልዮም ዕላማታት ኣቐዲሙ ዘጣጥሕን ዝኸዶ መኣዝን ዝፈልጥን፡ ንዕላምኡ ዝመርሕን ዝቕልስን መሪሕነት ስለዘሎዎ ኢዩ። እቲ ኣብ ሕዳር 1971 ብሓልዮት ህዝባዊ ሓይልታት ዝተጻሕፈ "ንሕናን ዕላማናን" ዝብል ጽሑፍ ነቶም ንህዝባዊ ሓይልታት ይኸውን ቀጺሉ ንህዝባዊ ግንባር ዘቖሙ ሓይልታትን ተጋደልትን ጠርኒፉ መኣዝን ንከትሕዝ ዝሓገዘ መርሆ ናይ ቃልሲ ክንብሎ ንኽእል። በቲ ኣወንታዊ ሸነኻቱ ምስ ዝርአ፡ እቲ ህዝባዊ ብረታዊ ተጋድሎ መኣዝኑ ንከይስሕት ኣብ ውሽጢ እቲ ግንባር፡ ምስጢራዊ ሰልፊ ብምምስራት ኣብ ናይ ሓባር ዕላማን ራእን፡ ንዝበዝሐ ህዝቢ የዕሲሉ ንጹር ስእሊ ናይ ቃልሲ መንገዲ ተኸቲሉ፡ ሃገራዊ ነጻነት ክውን ንምግባር ዘይከሓድ ኣስተዋጽኦ ነይርዎ። ብኣሉታዊ ሸነኻቱ ክምዘን ከሎ፡ ምስ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ብምልፋን ኣብ ምብትታን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማለት ኣብ ምብሓት ሰውራ ኤርትራ እውን ዓቢ ተራ ነይሩዎ።

ኣብ ድሮ ሃገራዊ ነጻነትን፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ተጸፍዩ (ተሓቢኡ) ምስ ባህጊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይሳነ ዕላማ ዝነበሮ ብኢሳያስ ዝምራሕ ጉጅለ፡ ነቲ ምስጢራዊ ሰልፊ ኣፍሪሱ ንራኢ ህዝባዊ ግንባርን ህዝብናን ብምጥላም፡ ናይ ምልኪ መራሒ ጎብለል ኮይኑ ንክወጽእ እውን ኣብቂዕዎ ኢዩ። ኢሳያስ ኣብ ኮረቻ ስልጣን ከጽንሖ ዝኽእሎ ዕላማን ራእን፡ ናይ ዓወት ጎደናን መኣዝንን ወኒኑ መንገዱ ከጣጥሕ ስለ ዝጸንሐ ኢዩ። *እቲ ዘዐውቶ ከኣ መኣዝንካ ከይሰሓትካ ነቲ ጸረ-ህዝቢ ዕላምኡ ህዝቢ ብምትላልን፡ ይዕንቅፉኒ ኢዮም ዝበሎም ንናይ ቃልሲ ብጾቱ ብዘይምሕር መንገዲ ብምእላይ፡ ሓደስቲ እሙናት ደገፍቲ ከምዝስዕብዎ ብምግባርን ንዕላምኡ ነቲ ስልጣን ክብሕቶ ምኽኣሉ ብሃበ-ተረኽቦ ዝተረጋገጸ ኣይኮነን።* ንስለያውን ጸጥታውን መሓውራት ብምቁጽጻር ንዝኾነ ከወዳዳሮን ክጻረሮን ዝተበገሰ ኣካል እንዳቐንጸለን፡ ኣብ ትሕቲ ጉድጓድ እንዳኣስፈረረን ኢደ-ወነናዊ መራሒ ክኸውን በቒዑ። ከም'ቲ ጆን ማክስወል ዝበሎ፡ ነቶም ከረጋግጾም ዝደልዮም ዕላማታት ዝፈልጥን ንህዝቢ ብከመይ ኣደናጊሩ ህዝቢ ከምዝስዕብዎ ስለዝገብርን ኢዩ። ኢሳያስ እዚ ዓይነት መራሒ ምዃኑን፡ እቲ መላኺነቱ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ዘስዕቦ ዘሎ ሓደጋን ብርሰትን ዕሽሽ ኢሎም በቲ ናይ ኢሳያስ ናይ ምምራሕ ክእለት ተዳናጊሮም ይኹኑ ተመሲጦም ብዙሓት ካብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዝድግፍዎ ምህልዎም ዘይከሓድ ሓቅን፡ ዝሕዝን ተርእዮን ኢዩ። ካብ ዝሓለፉ ተሞክሮታት ተማሂርናን፡ ካብ ጽልእን ስምዒትን ወጺናን ሓያልን ድኹምን ጎድኒ ናይ ኢሳያስ ስርዓት ብግቡእ ክንመዝን እንተዘይበቒዕና፡ ህዝቢ ኣብ ሓባራዊ ዕላማ የዕሲልካ ንክንዕወትሉ ዘኽእል መኣዝን ናይ ቃልሲ እንተዘይጨቢና ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ከጸግመና ይኽእል ኢዩ።

ነቲ መኣዝኑ ዝፈልጥን ውሁድ ኣመራርሓን ተሞክሮን ዘሎዎ መላኺ ስርዓት ንክትስዕር፡ ንጹር ህዝቢ ዝዓስሎ ዕላማን፡ መኣዝኑ ዘነጸረ ዘዐውት ናይ ዓወት ጎደናን፥ ካብኡ ንላዕሊ ዝተዓጻጸፈን ዝተወሃሃደን መሪሕነት፡ የድልየካ። *ብመንጽር ናይ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ ደምበ ተቓውሞ (ደምበ-ፍትሒ) ምስ እንዕዘብ፡ ዕላምኡ ዘይውሁድን ዘይንጹሩን፡ ኣወዳድቡኡ ፋሕ-ዝበለ፡ መኣዝኑ ስሒቱ ዝጉዓዘሉ ናይ ሓባር ናይ ዓወት ጎደና*

ዘይውንን፡ ብቀዳምነታት ናይ ዕላማታት ዘይሰርሕ፡ ነቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝቐልስ ቀላሲ መሪሕነት ዘይብሉ፡ ናብ ዓወት ከብጽሖ ዝኽእል ስእሊ ኣይኮነን ዘርእየና። እቲ ንኣስታት 27 ዓመታት ዝተኻየደ ናይ ተቓውሞ ዘይጥርኑፍ ኣወዳድባን ኣመራርሓን ንረብሓ ጉጅለ ስርዓት ህግደፍ ዘገልግል ምንባሩን ምዃኑን ኣሚና፡ ኣብ ዓወት ከብጽሖ ዘየኽእል ኣወዳድባ፡ ግዜን ገንዘብን ጉልበትን ምብኻን ምዃኑ ተረዲእና ብመጽናዕቲ ናብ ዓወት ከብጽሖ ዝኽእል ሓዲሽ ጥርናፈን ኣከያይዳን የድልየና። ብቀዳምነት፡ ንፍትሓዊ ሓርነታዊ ቃልሲ፣ መኣዝኑ ከነትሕዞን ህዝብና ብሓድነት ክቃለስ ክበቅዕ፡ ህዝብና ብቐሊሉ ክርደኦን ክስዕቦን ዝኽእል ሓባራዊ ህዝባዊ ዕላማ የድሊ። እዚ ከኣ፡ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝብና፡ በዘን ዝስዕባ ክልተ ዓበይቲ ዕላማታት ክጥርነፍ ይኽእል።

8. ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ካብ’ዚ ተሳጢሖምሉ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን መላኺ ስርዓት ህግደፍ ምልጋስ።

- ኣብ ትሕቲ ህግደፋዊ ስርዓት ልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ፡ ህዝባ ከኣ ይበታተንን ምህላዉን፡ ኤርትራ ህዝቢ ዘይብላ ሃገር ከይትኸውን ብምስትብሃል።
- ስርዓት ህግደፍ፡ ኩሉ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ኤርትራ ረጊጹ፡ ኣሽሓት ፖለቲካዊ እሱራትን ዜጋታትን ብዘይ ፍርዲ ኣብ ሕሱም ማእሰርቲ ሓይሩ፡ ሃለዋቶም ዘይፍለጥ ኣብ ሓደጋ ምህላዎም ብምርዳእ።
- ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰላምን ራህዋን ክነብር፡ ናይ ህዝቢ ዝኾነ፡ ብህዝቢ ዝቐውም፡ ንህዝቢ ዘገልግል ህዝባዊ መንግስቲ ክተክል ክበቅዕ።

9. ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምልጋሱ፡ ኤርትራ ብቅዋም እትመሓደር ዲሞክራሲያዊት መንግስቲ ንምርግጋጽ ክከኣል፡ ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ተጠርኒፉ ኣወንታዊ ግደ ክገብርን ባይታ ክጣጥሕን ክበቅዕ።

- ንሰላማዊ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ምስግጋር ዝሕግዝ ኣስተዋጽኦ ምግባር።
    - ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ እንደገና ኣብ ምልካዊ መንግስታዊ ስርዓት ንከይወድቕ ዝተጠርነፈ ህዝብን፡ ዘውክሎ ናይ ዲያስፖራ ህዝባዊ ባይቶ ኣቝሙ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝግበር ለውጢ ጸላዊ ዝዓዘዘ ተራን ኣስተዋጽኦን ክገብር ክበቅዕ።
- ብስርዓት ህግደፍ ዝዓነወ ትሕተ-ቅርጻ ይኹን ንቁጠባውን ማሕበራውን መነባብሮ ዝሕግዝ ቅድመ-ምድላው ብምግባር ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ኣስተዋጽኦ ክገብር ክበቅዕ።

እዞም ዝተጠቕሱ ዕላማታት፡ ንኩላትና ማለት ነቶም ኣብ ምድሓን ሃገርን ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምምጻእ እንብህግን እንቃለስን ክንሰማማዓሎም እንኽእልን ዝግበኣናን ዕላማታት ኢዮም። ነዞም ሓባራዊ ህዝባዊ ዕላማታት ንምዕዋት፡ ሓቢርና ክንቃለስ ከምዘሎና ኩላትና እንሰማማዓሉ ጉዳይ ኢዩ። እንተድኣ፡ በቲ ኣብ ቁጽሪ ክልተ ዘሎ ዕላማ እንተዘይተሰማሚዕና፡ ብዝተሓተ በቲ ዘሰማማዓና ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብር ህዝብና ብምትሕብባር ብህዝባዊ ማዕበል ነዚ ዘሎ ስርዓት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንከልግስ ክንሰርሕ ይግበኣና። እቲ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዝካየድ ቃልሲ፣ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ህዝቢ ንኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ህዝብና ሓጋዚ ተራ ድኣ’ምበር ወሳኒ ተራ የብሉን። እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ዝውስኖን ዝያዳ ዝምልከቶን ጉዳይ ምዃኑ ፈሊጥና ናይ ስልጣን ሕቶ፡ ሰረገላ ቅድሚ ፈረስ ክንሰርዕ ኣይግባእን። ሕቶ ስልጣን ንነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ማዕርነታዊ ናይ መሰል ብጽሒት እኳ እንተሃለዎ፡ ነቶም ኣብ ስደት/ዲያስፖራ ኮይና ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንምምጻእ ንቃለስ ዘሎና፡ ብተግባር ስልጣን ንዓና ዝምልከተና ኣይኮነን። ካብ ስደት ከይዱ ስልጣን ንምሓዝ ባህጊ ዘሎዎ ውልቀ-ሰብ ይኹን ፖለቲካዊ ሓይሊ፣ ንኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ኣብ ጎኑ ከየዕሰለን፥ ተግባራዊ ንህዝቢ ዝጠቅም ስራሕ ከየርኣየን፡ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ክሕዝ ዝሓስብን ዝመጣጠር እንተሃልዩ፡ ሕልሚ ጥራሕ ኮይኑ ኢዩ ክተርፍ። ሳላ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ እኹል ተሞክሮ ዝቐሰመ ህዝቢ ኢዩ። ክልተ ግዜ ክርገጽ ኣይከፍቅድን ኢዩ።

ዘሎ መላኺ ስርዓት ንምልጋስን ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምርግጋጽን፡ ሓቢርካ ምቅላስ

ቅድመ-ተደላይነት ናይ ዓወት ካብ ዝብሃል ዓመታት ሓሊፉ። ንዑኡ ንምምላስ ከኣ፡ ሓያለ ዘይተዓወቱ ፈተነታት ተኻይዶም ኢዮም። እቲ ዘይተዓወትሉ ምኽንያት ናይ ስልጣን ሕቶ ቅድሚ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ስለተሰርዑ ኢዮም። ስለዚ ሕጂ፡ ንሃገርን ህዝብን ከነድሕን ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዕላማታት ንምትግባር፡ ብከመይ ሓቢርና ክንቃለስ ንኽእልን፡ ነቲ ቃልሲ መኣዝኑ ከይስሕት ነቲ ቃልሲ ዝቕልስ መሪሕነት ብከመይ ይወጽእ ዝብል ሕቶ ክንምልሶ ኣሎና። ቃልሲ ብዘይ ቀላሲ መሪሕ ኣካል፡ ክዕወት ኣይክእልን ኢዩ። ብወገነይ፡ ክሳብ ዕለት ሎሚ ካብ ዝቐረቡ ናይ ሓቢርካ ምቅላስ እማመታት እቲ ክሰርሕ ይኽእል ኢለ ዝዓገብኩሉ፡ ኣብተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ዕላማታት ንምስልሳል ዘተኮረ፡ ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ዝዋስኡሉ፡ ንህዝብና ብዘይ ኣፈላላይ ኣብ ህዝባዊ መጋባእያታት ዝዕድም ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዘቕንዐ፡ ህዝባዊ ጥርናፈ ኢዩ። እዚ ከኣ፥ ህዝቢ ኣብ ዝነብረሉ ከተማታት ብምጥርናፍ፡ ብወከልቱ ኣቢሉ ኣብ ንኡስ-ዞባውን ዞባውን ህዝባውያን ባይቶታት ብምቛም ይጥርነፉ። እተን ዝቖማ ናይ ዞባ ህዝባውያን ባይቶታት ከኣ ብብዝሒ ዝወከለኦ ህዝቢ መሰረት፡ ወከልተን ኣብ ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ብምስታፍ ነቲ ሓርነታዊ ቃልስና ዝቕልስ ናይ ዲያስፖራ ኣህጉራዊ ህዝባዊ መሪሕነት ይቘውም ዝብል ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ብዝርዝር ክሳብ 5 ሕታማት ዝኸውን ኣብ ዝሓለፉ 2 ዓመታት 'ፍትሒ' ኣብ ዝብል መጽሄት ተጻሒፉ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ተዘርጊሑ ኢዩ።

ካብ ዝሐለፉ ዝተቐሰሙ ተሞክሮታት ምስ እንዕዘብ ሓይለ ፖለቲካውያን ውድባት፡ ብዘሕዝን መልክዑ ንዝተበገሰ ናይ ህዝቢ ጥርናፈ፡ ክስዕበኦስ ይትረፍ ህዝቢ ንከይሰዕቦ ብርእዮን ሕቡኡን መንገዲ ንክዳኸም ጎስጓስ ኣካይደን ኢዬን። እዚ ከኣ፡ ምስ'ቲ ቅድም ዘልዓልክዎ ነጥቢ፡ ሕቶ ስልጣን ቅድሚ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ምስራዕ ኢዩ። ሕጂ ብርእይቶይ፡ ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍትሑ፡ ዝተጠርነፉ ፖለቲካውያን ሓይልታት፡ ኣብ ዝካየድ ህዝባዊ ምርጫታት ብዝግባእ እንተዘይተወኪለን፡ ኣብ ህዝባዊ ባይቶታት ክውከላሉ ዝኽእለሉ፡ ብዝተጸንዐ ናይ ውክልና ቅዲ ተኸቲልና ምእንቲ ስኒትን ሓድነትን ንዝተወደቡን ዘይተወደቡን ዘማእከለ ህዝባዊ ባይቶታት ዝቖመሉ መንገዲ ክነተኣታቱ ይድግፍ። ከምእውን፡ ብቕዓት ዘሎዎም ኣፍረይቲ ውፉያት ምሁራትን፡ ግዜ ዘሎዎም ንጡፋት ውልቀ-ሰባትን እውን በቲ ዝቐውም ህዝባዊ ባይቶ ኣባላት ባይቶ ዝኾኑሉን፡ መደብ ስራሓት ወሲዶም ኣድማዒ ኣበርክቶ ዝገብሩሉ እውን ክተኣታቶ ነቲ ቃልሲ ሓጋዚ ኢዩ። ኣብ'ዚ ሃገርና ኣትያቶ ዘላቶ ደልሃመት፡ ዘሰርሕን ዘፍርን ሰብ ኢዩ ቀዳምነት ክንህቦ ዘሎና። ሓላፍነት ዝወስድ ሰብ፥ ንክሰርሓሉ ድኣ'ምበር፡ ብመልክዕ ስልጣን ተራእዩ፡ ክፈላልየና ዝግበኦ ጉዳይ ክኸውን የብሉን። ኣብ ኩለን ክፍለ-ዓለማት እቲ ህዝባዊ ባይቶታት ማለት ኣብ ሰሜን-ኣመሪካ፡ ኣፍሪካ፡ ኣውሮጳ፡ ኣወስትራልያ፡ ማእከላይ-ምብራቕን፡ ኤስያን ምስ ቆመ ከኣ፡ ብወከልቲ እቲ ዞባታት እቲ ኣህጉራዊ/ዓለም-ለኻዊ ህዝባዊ ባይቶ ቀይሙ ነቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ከምዝቕልሶ ይግበር።፣ እዚ ህዝባዊ ባይቶ'ዚ ንኩላትና ዘማእክል ኮይኑ፡ ብስም ህዝቢ ኤርትራ ንክዛረብ ዝኽእል ሕጋዊ ህዝባዊ ውክልና ይህልዎ።

ኣብ መደምደምታ - ሓርነታዊ ቃልስና ክዕወት

a. ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ዝድግፍዎ (ብዝወሓደ 75% ዝሰመማዓሉ) ንጹር ዕላማ
b. ነቲ ዕላማ ናብ ዓወት ከብጽሕ ዝኽእል ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን
c. ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዘቕንዐ፡ ህዝባዊ ጥርናፈ (ህዝባዊ ምትእስሳር - ከተማ > ንኡስ-ዞባ > ዞባ > ኣህጉራዊ)
d. ነቲ ሓርነታዊ ቃልሲ መኣዝኑ ከይስሕትን፡ ዘሎ ዓቕምታት ህዝቢ ተጠቒሙ፡ ነቲ ቃልሲ ዝቕልስ ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ የድሊ።

ካብ'ዚ ዝሐሸ ብሓድነት ከቃልስ ዝኽእል እማመ ዘሎዎ ሰብ/ኣካል፡ እማመኹም ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ከተቕርቡን ቅዳሕ እውን ኢመይል ክትገብሩለይ እላቦ። ብወገነይ፡ ዝያዳ ዝርዝር ዘሎዎ ኣብ መጽሄት ፍትሒ ኣብ ዝሓጸረ መዓልታት ከቕርቦ ክፍትን ኢየ።ካብ'ቲ ኩላትና ዝቐርብ ከኣ፡ እቲ ዝመሓየሸ ኣመሓይሽና ንኩላትና ኣብ ሓደ ዕላማን ስትራትጂን፡ ናይ ዓወት ጎደናን ኣብ ቃልሲ ክጸምደና ዝኽእል ሃገራዊ ጥርናፈ ክንጥርነፍ ንኽእል። ብርእይቶይ፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር (Eritrean People Network – EPN) እንተበልናዮ ነቲ ህዝባዊ ጥርናፈ ዝገልጽ ስም ኮይኑ ይስመዓኒ። እዚ ጥራናፈ እዚ፡ ንዝተወደቡን ዘይተወደቡን ደለይቲ ፍትሒ፡ በተን ናይ ሓባር ዕላማታት ንምዕዋት ዝጥርንፍ ሃገራዊ ምትእስሳር

ይኽውን። ሃገራዊ ምትእስሳር ዝመረጽኩሉ ምኽንያት ንስልጣን ዝሻሞ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ግንባር ከምዘይኮነ ንምሕባርን፡ ህዝብና ብቀሊሉ ንክርደኦ ብማለት ኢዩ። ድሕሪ ምልጋስ ስርዓት ህግደፍ ከኣ ከም ህዝባዊ ሲቪካዊ ትካል ኮይኑ ክቕጽል ይኽእል። ነተን ውሱናት ሃገራዊ ዕላማታት ብመልክዕ ፕሮጀክት ክሰርሕ ዝድለ ዘሎ ሃገራዊ ምትእሳሳር ኢዩ። እቲ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝቐንዐ ህዝባዊ ምትእስሳር ናይ ህዝቢ፡ ብሓደ ስም ክጽዋዕ ዝያዳ ኣድማዒ ኮይኑ ይስመዓኒ። ንኣብነት (For Example)

ቦታዊ Local - Eritrean People Network – Washington DC

ንኡስ ዞባ Sub-Region - Eritrean People Network – Eastern North-America

ዞባዊ Regional - Eritrean People Network – North-America

ዓለምለኻዊ Global - Eritrean People Global Network (EPGN)

ኣብ ከተማኹም ናይ ህዝቢ ምትእስሳር ንምቛም ድሌት ሃልዩኩም ንክትተስገሉ ፍቓደኛታት ዝኾንኩም በዚ ዝስዕብ ኢመይል deleyti.fithi@gmail.com ክትረኽቡኒ ትኽእሉ። ብወገነይ፡ ካብ ዝተቐሰሙ ተሞክሮታት፡ ዓቕመይ ዘፍቅዶ ሓገዝ ክበርክት ፍቓድኛ ምዃነይ ይሕብረኩም።

## VI. መጸዋዕታን ምሕጽንታን ንደገፍቲ ስርዓት-ህግደፍ

ብቀዳምነት፡ ከም ደቂ-ሃገረይ መጠን ዝኸበረን ዝዓዘዘን ሰላምታይ ይብጻሕኩም። ቀጺለ ኣብ ጥዕናኹም ይኹን ዕለታዊ መነባብሮኹም ሰናይ ትምኒተይ ይገልጸልኩም።

ክቡራት ኣሕዋተን ኣሓትን፡

ኣብ ፖለቲካዊ ሂወት፡ ምድጋፍን ምቅዋምን ከም ባህርያዊ መባእታዊ መሰል ዜጋታት ንቡር ምዃኑ ኩላትና እንሰማማዓሉ ሓቂ ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ንስርዓት ህግደፍ ምድጋፍኩም ዋላ ዕረ እንዳጠዓመንን እንዳኣገረመንን ከሎ፡ መሰልኩም ምዃኑ፡ ክውሕጦን ክርዕሞን ዘሎኒ ጉዳይ ምዃኑ ይኣምን። እቲ ዕረ ዝጥዕመኒ ምኽንያት ከኣ፡ እቲ ናትኩም ህግደፋዊ ደገፍ፡ ንምልክን ሕሰምን ጭቆናን ኤርትራዊ ስድራ-ቤት ትድግፉ ምህላውኩም ስለዝርዳእ ኢዩ። ብዘይ-ሕብእብእ ክዛረብ እንተኾይኑ፡ ሓያለ ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ፡ የዕሩኽትን ፈተውትን መተዓልልትን ኣሎውኒ። እቲ ዕርክነትናን ርክብናን ክቕጽል ዝኸኣለሉ ምኽንያት ከኣ መብዛሕትኡ ርእይቶታና ተኸባቢርና፡ ፍልልይ ውሁብ ምዃኑ ስለዝተረዳእናን ኢዩ። ኣብ እንነሃሃረሉ ግዜ ከኣ፡ ኣብ ዕርክነትና ጥዕና ክህብ ከምዝይክእል ኣስተብሂልና ንግዚኡ ኣወንዚፍናን ኣቋሪጽናን ብካልእ ዕላላት ከምዝተክኡ ብምግባር ተኻኢልና ስለእንገዓዝ ጥራሕ ኢዩ። ብወገነይ፡ ግዜ ክምልሶ ሓደ ግዜ ዝጠዓሰሉ ግዜ ክመጽእ ኢዩ ብምባል ነቲ ዕርክነትን ማሕበራዊ ርኽክብን ከኽሰር የብሉን ካብ ዝብል ብትዕግስትን ብምጽውዋርን ዝተሓልፈ ቀሊል ኣይኮነን። ብዙሓት ዝጸርፋና ዝነበሩ ምስ ተረደኦም፡ ቅድም ዝገበርዎ ዝነበሩ ጌጋ ኣሚኖምን ተጣዒሶምን ኣብ ጎንና ኣብ ጎኒ ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ዘጋጠሙኒ ውሑዳት ኣይኮኑን። እዚ ዝምህረና ከኣ፡ ሰብ ክጋገ ከምዝኽእልን፡ ተመራሚሩ ሓቂ ምስ ፈለጠን ምስ ተረደኦን፡ ኣብ ጎኒ ሓቅን ፍትሕን ክመጽእ ከምዝኽእል ኢዩ።

ዝኸበርኩም ደቂ-ሃገር

ኩላትና ፍቕሪ እንፈትዋ ኤርትራን ህዝባን ከምዘሎና እንፈላለየሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ህዝቢ ብዘይ ሃገር ክብረት ከምዘይብሉ፡ ንዓና ንኤርትራውያን፡ ተሞክሮ መግዛእትን ስደትን ኣጸቢቑ ይምህረና። ሃገር ልዕላውነታ ክዕቀብን ክኽበርን ጥራሕ ዘይኮነ፥ ንክይግሃስ ከኣ ዜጋታት ክሳብ መስዋእቲ ክኸፍሉ ሃገራዊ ግቡእን ግዴታን ኣሎዎም። ሃገር ብዘይ ህዝቢ፡ ሰብ ዘይብሉ ምድረ-በዳ እንተበልናዮ ጌጋ ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ፡ ሃገርን ህዝብን ኣብ ሓደጋ ክኣትውን ክሳጥሑን ከለው፡ ካብ ደንበ ተቓወምትን ደገፍትን ናይ ፍልልይ ዛሬባ ወጺና፡ ሃገርን ህዝብን

ከነድሕን ሓቢርና ክንሰርሕ ታሪኻውን ሕልናውን ሓላፍነት ክንሰከም ይግባእ። ኣብ ዝሓለፈ፡ እቲ ኣብ መንጎ ደገፍትን ተቓወምትን ዝነበረን ዘሎን ፍልልይ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ዝነበረናን ዘሎናን ናይ ኣረኣእያን እምነትን ፍልልይ ኢዩ። ብሕጽር ዝበለ፡ ደገፍቲ፡ ንህግደፋዊ ስርዓት ከም ዋሕስ ናይ ኤርትራ ጌርኩም ክትርእይዎ ከሎኹም፡ ብወገን እቶም ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ እንብህግ ደለይቲ ፍትሒ ከኣ፡ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንኤርትራን ህዝባን ቀንዲ ጠንቅን ሓደጋን ኢዩ ዝብል ኢዩ። እቲ እንኣምነሉን እንድግፎን ኣብ ሓቅን መርትዖን ዝተመርኮሰን፡ ሃገርን ህዝብን ማእከል ዝገበረን እንተኾይኑ፡ ኩላትና ኣብ ሓደ መደምደምታ ኢና ክንበጽሕ እንኽእል። እቲ ሓቂ ዝነግረና ከኣ፡ ኤርትራን ህዝባን ኣብ ኢድ'ዚ ዘሎ ናይ ኢሳያስ ስርዓት፡ ማእለያ ዘይብሉ ዕንወትን ብርሰትን ከምዝወረዳ ኢዩ። ህዝብና፡ ናይ ኣማኢት ኣሽሓት ደቁ ከፊሉ ዘረጋገጻ ሃገር፡ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ዘይክበረላ፡ ብሕግን ቅዋምን ዘይትመሓደር፡ ኢደ-በይዛ ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ኮይና ከምዘላ እትስሕትዎ ጉዳይ ኣይኮነን። ኢሳያስ ምስ ዉሑዳት እሙናት ኣገልገልቱ፡ ንዕድመ ስልጣኑ ከም ንህዝብን ሃገርን ተሓላቒ ክመስል ሃገራዊ ጭርሖታት ብምልዓል ከታልልን ከደናግርን ከምዝጸንሐ ዝያዳ ዝግሃደሉ እዋን በጺሕና ኣሎና። ስርዓት ኢሳያስ ንድኽመታት ምሕደርኡ ክሽፍን ኣብ ተጻብኦ ኣመሪካን ወያኔን ዝብል ዕባራ ምኽንያትን ሓሶትን ክሕባእ ኢዩ ጸኒሑ። እቲ ሓቂ ዝነግረና ግና፡ ብትእዛዝ ናይ ኢሳያስ ደሴት ሓኒሽ ይኹን፡ ነቲ ኣብ 1986 ብትእዛዙ መሬት ኤርትራ እንክነሱ፡ ንባድመ ንወያኔ ሓርነት ትግራይ ከተመሓድሮ ዝገደፈን ዘፍቀደን፡ ኣብ 1998 መሬትና ተኀቢጥና ኢሉ ባዕሉ ናይ ባድመ ወራር ዘበገሰን፡ ብዓለም-ለኸ ደረጃ እውን ከም ወራሪ ዝተፈረደሉን ዝኣመነሉን ጉዳይ ምኻኑ ኣሉ ዘይበሃሎ ሓቂ'ዩ። ኢሳያስ ግን ብዘይ-ጸላኢ ኣብ ሰላም ክነብር ከምዘይክእል ስለዝፈልጥ፡ ደገፍቱ ከይክዕብዎን ከይገድፍዎን፡ ኩሉ ጸገማት ኤርትራ ናብ ኣመሪካን ወያኔ ሓርነት ትግራይን ከላግቦ ኢዩ ዝፍትን። ንኣስታት 18 ዓመታት ንመንእሰያት ኤርትራ ኣብ ጉድጓድን በረኻን ኣስፊሩን ጅሆ ሒዙን፡ ንነጻነት ኣብ ምምጻእ ብጅግንነት ዝመርሑ መቓልስቱ ብክሕደትን ብጥልመትን ኣጸሊሙ፡ ሃለዋቶም ኣብ ዘይፍለጠሉ ቦታ ናይ ማእሰርቲ ዳጒኑ፥ ህዝብና ሓቂ ንከይፈልጥ ንጋዜጠኛታት ኣብ ማሕዩር ከምዝመቱን ከምዝኣርጉን ዝገበረ ናይ ኢሳያስ ስርዓት'ዶ ኣይኮነን?

ብድሕሪ ምኽዛፍ ናይ ሓርበኛታት ሓርነት ውግኣት ኣብ ማይ-ሓባር ብህዝብና ክቕበጽ ዝነበሮ ስርዓት ኢዩ ነይሩ። ኢሳያስ፡ 30 ዓመት ኣገልጊካዮ ሓንቲ መዓልቲ እንተድኣ እምነት ኣጉዲልካ ይቕረ ዘይፈልጥ ጨካን ኣረሜናዊ መራሒ'ዩ። ንወዲ 90 ዓመት ፓትርያርክ ናይ ተዋህዶ ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ከምዝሕለዉ፥ ንተባዕ ኣቦና ሓጂ ሙሳ ኣብ ማእሰርቲ ከምዝሞቱ ዝገብር፥ ርህራሄ ዘይፈልጥ ፍጡር ኢዩ። ንልዕሊ 40 ዓመት የማናይ ኢዱ ዝነበረ ተጋዳላይ ናይዝጊ ክፍሉ ከይተረፈ፡ ኣብ ሃገሩ ሓመድ ኣዳም ንከይለብስ፡ ምስ ኣስከሬን ናይ ናይዝጊ ዝበኣሰን ሕነ ዝፈድን ሰብ'ዩ። ኣነ ብወገነይ፡ እዚ ኩሉ ዝወርደና ዘሎ መስጣ ናይቶም ኣብ 1973 ብስም መንካዕ ዝብል መጸለሚ ስም ኣጠሚቑ፡ ኢሳያስ ኣብ ግዜ ሰውራ ኣቐዲሙ ዘሕቀቖም ዲሞክራስያውያን ተበዓት ተጋደልቲ፥ ንድሕነቶም ጠጠው ስለዘይበልናን የሕሊፍና ስለዝሃብናን ኮይኑ ይስመዓኒ። ንጀጋኑኣን ንዝሰንከሉ ሓርበኛታት ሓርነት ውግኣታን ንመንእሰያታን ዘይትኸውን ሃገር ከመይ ኢላ ጥዕና ክህሉዋ ይኽእልን ንጽበን።

መንእሰያት ኤርትራ፡ ሃገሮም ሲኦል ኮይናቶም፡ ሞትን ሓደጋን ኣብ ቅድሚኦም ከምዘሎ እንዳፈለጡ፡ ኩሉ ሞት ኢዩ ኢሎም ክስደዱን ብሂወቶም ክጣልዑን ዝገብረ ስርዓት ኢሳያስ'ዶ ኣይኮነን። ካብ ስርዓት ደርጊ ዝበዝሐ ኣብ ስርዓት ኢሳያስ ብዕጽፍታት ህዝብና ናብ ስደት ከምዝምርሐን፡ ስድራ-ቤት ኤርትራ ብዝያዳ ከምዝተበታተነትን፡ ኣብ ዓድታት ኤርትራ ዘይንቡር ብዙሕ ገዛውቲ ተዓጽዩ ማይ-ቤታት መጸውዒ ዘይብለን ይተርፋ ከምዘሎዋ ከመይ ኢሉ ይኽወለኩም። ህዝቢ ኣሰመራ፡ ምስ'ዚ ዘሎ ሃለዋት ብምንጽጻር፡ ንናይ ደርጊ ግዜ ጽቡቕ መነባብሮ የሕልፍ ከምዝነበረ፡ ኣብ እዋን ነጻነት ከም'ዚ ኢሉ ከማርር እንዳሰማዕክምዎ፡ ንህዝቢ ራህዋ ዘምጽእ ስራሕ ክንዲ ትሰርሑ፡ ነቲ ናይ ሕሰሙ ቀንዲ ጠንቂ ዝኾነ ስርዓት ክትድግፉን ንክጸንሕ ዘድሊ ሓገዛት ክትገብሩሉ ከሎኹም እቲ ሕልናኹም ብኸመይ ይቕበሎ? ኣቶ ኢሰያስ፡ ኣብ ዲሞክራሲያዊትን ቅዋማዊትን ብሕግን ፍትሕን ትዳነ ኤርትራ ብሰላም ክነብር ከምዘይክእል ኣጸቢቑ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። እዚ ከኣ፡ ቀንዲ ተሓታቲ ደም ናይ ኣማእታት መቓልስቱን፡ ብምስምስ ናይ ዶብ ኢሉ ናይ ኣሽሓት ኤርትራውያን

መንእሰያት ደም ዘፍለሰን፡ እታ ብሰላም ክነብረላ ዝኽእል ቦታ፡ ኣብ ኮረቻ ስልጣን ጥራሕ ምኻና ኣንዳዕዲዑ ዝፈልጥን ዝርዳእን ሰብ ኢዩ። ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ሰላም ንዕድመ ስልጣኑ ዘናውሕን ውሕስና ዝህብን ኮይኑ እንተረኺብዎ ከኣ ክሳብ ልዑላውነት ኤርትራ የሕሊፉ ክህብ ድሕር ከምዘይብል ክንርደኦ ዘጸግም ኣይኮነን። ብቑጠባዊ መዳይን ምስ እንዕዘብ፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ስርዓት ናይ ኤርትራ ቁጠባዊ ድኽነት ዓመት-ዓመት እንዳኸፍአ ከምዝመጸ እትኽሕድዎ ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ስርዓት ንፖለቲካዊ ሃልኪ፡ “እገዳ” እትብል መሸቀጢትን መታለሊትን እንተተሓበአ፡ እቲ ሓቂ ግን፥ እቲ ጠንቂ እቲ ግጉይ ምሕደራን ፖሊስን ናይ'ቲ ስርዓት ምኻኑ እቲ ዘስተውዕል ሰብ ዝፈልጦ ኢዩ። እንታይ ስለዝተኣገደ ኢዩ ቁጠባ ሃገር ተዳኺሙ ዝብል ሓታታይ ግን ኣይተረኽበን። እዞም ኩሎም ሃብታማት ኤርትራውያን ዝፈትውዋ ሃገሮም ራሕሪሖም፡ ኣብ ጁባ፡ ኡጋንዳ፡ ዛምብያ፡ ደቡብ-ኣፍሪቃ ወዘተ… ገንዘቦም ከዋፍሩ ዝገበረ ህግደፍ ድኣምበር፥ እገዳ ከምዘይኮነ ንዓኻትኩም ዝጠፍኣኩም ኣይመስለንን። ካብ ወጻኢ ትካል ክገብሩ ናብ ዓዲ ዝኣተው ብዙሓት ትካሎም ዓጽዮም ንዳግማይ ስደት ዝተሳጠሑን ዝተመዛበሉን ውሑዳት ኣይኮኑን።

ኢትዮጵያ ካብ'ቲ ዝተፈረደና መሬት ናይ ኤርትራ ክይወጸት ኣብ ዝርርብ ኣይንኣቱን ኢና ኢሉ ን18 ዓመታት ንመንእሰያት ኤርትራ ጅሆ ሒዙ፡ ቅዋም ከይትግበር ከም መመኽነይታ ክጥቀም ከምዘይጸንሐ፡ ሕጂ ናይ ዶብ ሕቶ ሓንቲ ንእሽቶ ጉዳይ ካብ'ቲ ዓበይቲ ጉዳያት ከምዝበለ፡ ኢሳያስ ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሓትት ዘሰማዕክምዎ ጉዳይ ኢዩ። ብይን ዶብ ምሕንጻጽስ ይትረፍ፡ መሬት ኤርትራ ክሳብ ዕለት ሎሚ ሰራዊት ኢትዮጵያ ይርከቦ። ከነስተብህለሉ ዘሎና፡ እቲ ብናይ ነፍስሄር መለስ ዝመርሖ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐረበ ናይ ዝርርብ ዕድመን፡ ዶብ ከይተሐንጸጸን ሰራዊት ኢትዮጵያን ከይወጸን ኢሳያስን ዶ/ር ኣብይን ዝገብርዎ ዘሎው ዝርርብ ብተግባራዊ ትሕዝቶኡ ፍጹም ፍልልይ የብሉን። ዶ/ር ኣብይ ብኣፉ ብዘይቅድመ-ኩነት ናይ ዶብ ብይን ተቐቢላናዮ ኣሎና ስለዝበለ ድዩ እቲ ፍልልይ? ኢሰያስን ኣብይን ክሕተትዎ ዝግበኦም፡ ብዘይቅድመ ኩነት እንተተቐቢልዎ ብተግባር ቅድሚ ዝርርብ ስለምንታይ ኢዩ ዘይተተርጎመ ዝብል ኢዩ? ሕጂ ኣቶ ኢሳይስ ዝብለና ዘሎ፡ ቅድሚ ዶብ ምሕንጻጹ መራሕቲ እንዳተረኻኸቡ ምትእምማን ክፈጥሩ ኣሎዎም ይብለና ኣሎ። ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ብብርሃነ ገብርሂወት ንደገፍቲ ስርዓት ዝቐረበ ናይ መታለሊ መግለጺ ምስ እንምልከት፡ እቲ ናይ ሕጂ ዝርርብ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢዩ፡ እቲ ናይ ቅድም ምስ መራሕቲ ወያኔ ስለዝኾነ ፍልልይ ኣሎዎ ዝብል ዘሰደምም መልሲ ተዋሂቡ። እዚ ዓይነት መግለጺ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከምዘየስተውዕል ኣነኣኢሱ ዝርኢ፡ ደገፍቲ ህግደፍ ፍልልዩ ኣይከስተብህሉሉን ኢዮም ካብ ዝብል ግምት ዝበገሰ ይመስል። ጠ/ሚኒስተር መለስ፡ ወግዓዊ ሓላፍነቱ መርሒ ናይ ሃገረ ኢትዮጵያን ድኣምበር፡ መራሒ ናይ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ኮይኑ ኣይኮነን ምስ ኢሳያስ ዝራኸብ ነይሩን፡ መልሲ ነቲ ብይን ሂቡሉን። ኢሳያስ ንዕድመ ስልጣኑ ዘናውሕ ኮይኑ እንተረኺብዎ፡ ንዶ/ር ኣብይ ገዲፉ ምስ መራሕቲ ወያኔ ክሻረኽ ድሕር ከምዘይብል ታሪኽ ምግልባጥ ናይ ኢሰያስ ይምህረና። ኣብ 1980 ኣንጻር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተኻየደ ውግእ ሕድሕድ፡ ምስ መራሕቲ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ተሻሪኹ ኢዩ ንሓደ ሃገራዊ ሓይሊ በታቲኑ። ህዝቢ ኤርትራ ክፈልጦ ዘሎዎ ሓቂ ግን፡ ውድብ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ይኹን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ነጻነትን መሰል ርእሰ-ውሳኔን ኤርትራ ብመትከል ዝተቐበለን ዝደገፈን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት፥ ኣብ ኤርትራ ደሙ ዝኸፈለ ውድብን ህዝብን ምኻኑ ክክሓድ ዘይብሉ ታሪኻዊ ሓቂ ኢዩ። ምስ ህዝቢ ከበሳ ካብ ዝኾነ ካልእ ጎረቤት ዝተዋሰብን፡ ተመሳሳሊ እምነትን ባህልን ልምድን ዘሎዎ ሓው ህዝቢ ምኻኑ ክንዝንግዕ ኣይግበኣናን። ኢሳያስ ብዘይ ጻላእቲ ክነብር ስለዘይክእል ግን፡ ምስ ኢትዮጵያ ሰላም እንዳበለ ነታ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ዝኾነት መዳውብቲ ዝኾነት ትግራይ ከዋስን ጥራሕ ዘይኮነ ንመሪሕነት ወያኔ፡ ጸወታ ኣብቂዑ (Game Over) እንዳበለ ቀልዓዊ ፖለቲካ ምቁሻሽ የካይድ ኣሎ።

ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ ሜዳ ኣትሒዙ ናይ ሓባር መንግስቲ ምስ መራሕቲ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ከቕውም ድሌት ከምዝነበሮ መቓልስቱ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ኮንፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ነዊሑ-ሓጺሩ ተግባራዊ ክኸወን ከምዝኽእል ከምዝብህግን እውን እቲ ዝበሎ ኣብ ቪድዮ ዝተቐርጸ ኢዩ። ናይ ባድመ ውግእ መመሳመሲ ድኣምበር እቲ መበኣሲ ካልእ ጉዳይ ከምዝነበረ ባዕሉ ዝተዛረቦ ሓቂ

ኢዩ። ኢሳያስ ክንየው ዶብ ዕላማታት ዝነበሮ ሰብ ምዃኑ ንወያኔ ሓርነት ትግራይ ባድመ ምርካብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ካልእ ብዙሕ ኣብነታት ኣሎው። ሰራዊት ናይ ግንባር ዓሰብ ከይተረፈ ንክስሕብ ትእዛዝ ከምዝሃበን መራሕቲ ናይ'ቲ ግንባር ዝነጸግዎን ዝዛረብሉን ሓቂ'ዩ። ዶ/ር ኣብይ ከይተሰከፈን ከይሓፈረን ዓሰብ ክንካፈላ ኢና ምባሉን፡ ጀነራል ሰዓረ እውን ኢትዮጵያ ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ ክህሉዋ ኢዩ ከምዝበለ በእዝንትኹም ዝሰማዕክምዎ ጉዳይ ኢዩ። እንተድኣ፡ እዚ ዝተባህለ ሓሶት እንተኾይኑ፡ ስርዓት ህግደፍ ስለምንታይ መልሲ ዘይሃበሉ? እቲ ኢሰያስ ምስ ኢትዮጵያ ብቀዳምነት ምትእምማን ክንፈጥር ኣሎና ዝበሎ፡ ነቲ መሬትናን ባሕርናን ዓዲልና ዲና፡ ስለ ምትእምማን ክፍጠር ዋጋ ክንከፍለሉ ዝድለ ዘሎ? ዶ/ር ኣብይ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝመጻሉ እዋን፡ ኢሳያስ ብዘይቀልዓለም እስኻ ክትመርሓና ወኪለካ ኣሎኹ ክብል ከሎ፡ ከም ሓደ መራሒ ናይ ልዑላውነታ ዘረጋገጸት ሃገር፡ ፖለቲካዊ ተግባራዊ ትርጉሙ እንታይ ማለት ምዃኑ ይርደኣና'ዶ ኣሎ? ጋሻ ኣብ ገዛኻ ይኹን ሃገርካ ስለዝመጸ እምነት መታን ከሕድር ኣባኻ፡ ገዛይ ወይ ሃገረይ ከተካይዳ ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ'ዶ ይበሃል ኢዮ? ርስትን ጉልትን ሂብካ ዝርከብ እንታይ ዓይነት ምትእምማን ኢዩ ከረጋገጽ ዝደለ ዘሎ? ከም ደገፍቲ እቲ ስርዓት መጠን፡ ነዚ እትድግፍዎ ዘሎኹም መራሒ ኣሚንኩሞ እንተሃልዩኹም፡ ከደግፈኩም ዝኽኣለ ምኽንያት ክርዳእ መደለኹ።

ህዝባዊ ግንባርን ህግደፍን ፍልልይ ዘይብሉ መሲሉኩም ደገፍኩም ነዚ ስርዓት እትህቡ ዘሎኹም፡ ጌጋኹም ክትእርሙ ይግበኣኩም። እዚ ዘሎ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ፥ ካብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ተፈጢሩ፥ ንዕላማን ራእን ህዝባዊ ግንባር ዝጠለመን፥ ንህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ስርርዓቱን ኣብ 1994 ኣፍሪሱ ብህግደፍ ከምዝተከአን ከመይ ጌርኩም ትስሕትዎ። እወ ንከምስል ንመታለሊ፥ ነቲ ንህዝባዊ ግንባር ዝድግፍ ዝነበረ ህዝቢ ንክኸሰብ ህዝባዊ ግንባር እትብል ስም ኣብ'ቲ ዘካይድዎ ኣኼባታት ትስማዕ ከምዘላ ዝሰሓት ኣይኮነን። ደገፍኩም፥ ብግዚያዊ ረብሓ-ስጋ (ጠቕሚ) ዝተኣሳሰረ እንተኾይኑ እቲ ደገፍኩም፡ እዚ ስርዓት'ዚ ከያዳይ ምዃኑ ካብ ታሪኽ ክተርድኡ የድልየኩም። ሓለፉ እቲ ውጹዕ ህዝቢ ረብሓ ምድላይ ከኣ፡ ብላዕሊ ብሰማይ ይኹን ብታሕቲ ብምድሪ ዘሕብን ኣይኮነን። ታሪኽካ ምብልሻው ጥራሕ ኢዩ ፋይድኡ። ነዚ ስርዓት'ዚ ከም ናይ ሓደ ኣውራጃ ብዝያዳ ዝበጽሓኩም መሲልኩም፡ የሕሊፍና ክንህቦ የብልናን ኢልኩም እትድግፍዎ ሰባት እንተሃልይኹም፡ ኢሳያስ ብጀካ ስልጣኑ፥ ዘገድሶ ኣውራጃ ወይ ወገን የብሉን። ብወገነይ፥ እቲ ዝያዳ ዝተወጸዐ ህዝቢ እንተሃልዩ፡ ከባቢ ኣስመራን ማእከልን ኢዩ። እቲ ዝያዳ ክብሪ ከውጽእ ዝኽእል መሬቱ በዚ ስርዓት ተገቢቱ፡ ኣደዳ ስእነትን ሕሰምን ገይርዎ ዘሎ ህዝቢ ምዃኑ ኢየ ዝርዳእ። እቲ ዝያዳ ዝተወጸዐ ህዝቢ፥ ብዝይዳ ክቃወም እንዳተጸበኻዮ ዝይዳ ደጋፊ ኮይኑ ክርከብ እንከሎ ግን ብጣዕሚ ዘሰደምም ተርእዮ ኢዩ። ደገፋና ካብ መበቀልን ትውልድን ዝተበገሰ እንተኾይኑ ከኣ ኢሰያስ ካብ ደቂ-ጸሎት ንላዕሊ፡ ነቶም ወያኔ ኢሉ ዝጸርፎም ዘሎው ይቐርብዎ። ኣነስ፥ ናይ ደቀባት ጸሎት ኣብ ልዕሊ እንዳ ኣቦይ ኣፈወርቂ ማይቤት ናይ ማእከላይ ዓሌት ምንእኣስ ከይነብር፥ ሕነ-ዕዳ ንኸፍል ከይንህሉ እውን ሓደ-ሓደ ግዜ ይጠራጠር ኢየ። ስለምንታይ ተጋሩ ኣብ ሃገርና ክሰደዱ እንከሎው፡ ገሌና ኣፍና እርኑብ ኣይኮነን። እታ ዓጋመ እትብል ቃል ንባዕላ ኣብ ክንዲ ናይ ሓደ ወረዳን ህዝብን መጸውዒ ስም ጌርና ብኣኽብሮት እንርደኣ፡ ከም መነኣኣሲት ጸርፊ ጌርና እንጥቀመላ ውሑዳት ኣይኮናን። ንኢሳያስ ኣብ ናይ ርእሰን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕክምና (psychoanalysis) ወሲዱ ዝመርመሮ ሰብ ስለዘየለ ግን እቲ ንኢሳያስ ዝድርኾ መንገዲ ጥፍኣት ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ክንፈልጦ ኣጸጋሚ ይኸውን። ብስነ-ኣእምሮ ጸገም ጥዕና ዝኀደሎ ሰብ ንምራሕ እንተሃሊና ኸኣ፥ እቲ ጥፍኣትን ውርደትን ኣባና ኣብ ህዝቢ ድኣ'ምበር ኣብ ኢሳያስ ኣይኮነን።

ተጋድሎን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ናይ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ምንባሩ ምንጋር ኣይደልየኩምን ኢዩ። ብዝለዓለ ከኣ፡ መሰላት ዜጋታታ እተኽብር ዲሞክራስያዊትን ስልጥትን ኤርትራ ንምርግጋጽ ኢዩ ነይሩ። ብዘይቀልዓለም ክዛረብ እንተኾይነ፡ እዚ ብውልቀ-መላኺ ኢሰያስ ዝምራሕ ጉጅላዊ ስርዓት፡ ጽቡቕ ምሕደራ ጠፊእዎ ወይ ዓቕሚ ስለዝሰኣነ ዘይኮነ፡ ኮነ ኢልካ ህዝቢ ኤርትራ ፋሕ-ብትን ክኣትዎን፡ ነብሱ ከይክእልን ከይሓለፈሉን ዝግበር ዘሎ መደብ ናይ ጥፍኣት ኢዩ። ኣሸንኳይዶ፡ ሃገር ሒዝካን ተቓጻጺርካን፡ ኣብ ቃልሲ ሜዳ እቲ ናይ ነብስኻ ምኽኣል ዓቕምታት ክሳብ ክንደይ ምዕቡል ምንባሩ ዝጠፍኣኩም ኣይመስለንን። ትዝክሩ እንተኾንኩም፡ በዓል

ኣመሪካ ኣብ ሓምሳታት፡ "ኤርትራ ነበሳ እት'ኽእል ሃገር ስለዘይኮነት፡ ምስ ዓባይ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁረን ኣሎዋ" ኢሎም ክፈርድዋ። እንሆ ከኣ ኣቶ ኢሳያስ፡ ንክወዳደርዎ ዘኽእሉ ደቂ ሃገር ከምዝሰደዱን፡ ከምዝኣሰሩን፡ ከምዝቐተሉን ብምግባር፡ ነፍሰ-ምትእምማን ዝኀደሎም፡ ንትእዛዛቱ ዘኽብሩ ተላኣኽቲ ኣብ ጎኑ ብምግባር፡ ንህዝቢ ኤርትራ ፋሕ ብትን የእትዩ፡ ኣብ ሃገር ዝተረፈ ከኣ ኣንጸርጺሩ፡ ኒሑን ንያቱን ጸንቂቑ፡ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይሕሸና ናብ ምባል ገጹ ክሳብ ዝበጽሕ፥ ብተግባር የዳኽሞን ይሰርሓሉን ከምዘሎ ምስትብሃል የድሊ። ሕጂ፡ ንመሰል ዜጋታታ ከተኽብርስ ትትረፍ፡ ከም ሃገር ክንቅጽልን ኣይንቕጽልን ኣብ ሕቶ ኣትዩ ኣሎ። ከም'ቲ ኣቶ ኢሰያስ ምስ ሰኸረ *"ብድሕረይ ዓጋመ ከምእትብሉኒ ይፈልጥ'ዩ፡ ከም'ቲ ዛ ሃገር እዚኣ ዘምጻእክዋ፡ ከጥፍኣ ኢየ"* ኣብ ልቡ ዝነበረ ዝበሎ፡ ንዝመደቦ ከተርጉም ይሰርሓሉ ከምዘሎ ተግባራቱ ዝምስክሮ ሓቒ'ዩ። ብስም ዞባዊ ምትሕብባር ዝተኸለሰ፡ ሰላም ምስ ኢትዮጵያ ብዝብል መታለሊ ሸፋን ተጠቒሙ፡ ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ ዝሓሰቦ ሸተኡ ክወቅዕ ባይታ የጣጥሕ ኣሎ። ንነገራት ካብ ጽልእን ሰምዒትን ወጺና፡ ናይ ኣቶ ኢሳያስ ተራ ኣብ ግዜ ተጋድሎ ይኹን፡ ድሕሪ ነጻነት ምርግጋጽን ዝገበሮን ዝገብሮ ዘሎን ብወድዕነትን ብደቂቕን ክንምርምርን ሓቂ ክንፈልጥን የድልየና። ንክበጽሖ ዝደሊ ብከመይ ከምዘረጋግጾ፡ በየናይ መስርሕ ሓሊፉ፡ ንመን ኣታሊሉን ንመን ሒዙን፡ ንመን ኣጥፊኡን ኣሲሩን መንገዱ ዝፈልጥ ሓያል በዓል ዕላማን መደብ ኢዩ። እቲ ዘሕዝን ግን፡ እሱ ዕላምኡ ከሰላስል ከሎ፡ ንሕና ከም ህዝቢ ግን፡ ጌልና ቀዘምቲ፡ ገሌና ተዓዘብቲ፡ ገሌና ከኣ ናይ እከዩ ተሓባበርቲ ኮይና ሓድነትና ላሕሊሑ፡ ከም ደቂ ዛግራ መኣዝና ስሒትና ኣብ ድሮ ጥፍኣት ንርከብ ኣሎና። ዕላማ ኢሰያስ ምስ ባህግን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራን ባህግኹምን ዘይቃዶ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ከም'ቲ ሃጻይ ሃይለስላሴ *"ኤርትራ መሬታ ድኣ'ምበር ህዝባ ኣየድልየንን"* ዝበልዎ ህዝቢ ክበታተንን ክበርስን ዝሰርሕ ዘሎ ሰብ፡ ካብ'ቲ ናይ ሃይለስላሴ ብተግባር ፍልልይ የብሉን። ፈደረሽን፡ ኮንፈደረሽን ይኹን ምጽንባር ምስ ኢትዮጵያ ብምእዋጅ ጥራሕ ኣይኮነን ክረጋገጽ ዝኽእል። ንህዝቢ ብምድንጋር፡ ባይታ ብምጥጣሕን ብሜላ (Systematic)፡ ነቲ ህዝቢ ተስፋ ብምቑራጽን፡ ኣማራጺ ስኢኑ ከምዝንብርከኽን ከምዝርዕሞ ብምግባር ከተረጋግጾ ከምእት'ኽእል ኩነታት ሃገርና ይምህረና ኣሎ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ደገፍቲ ስርዓት፥

እምነት ኣብ ሓደ ውልቀ-ሰብ፡ ወሰን ወይ ገደብ ክህሉዎ ምስተገብኣ። እዞም ኩሎም ዘየተኣማምኑ ምልክታት ብኢሳያስ እንዳረኣኻ፡ ፍጹም እምነት ኣብ ኢሳያስ ምሕዳር ግን እንዳሰማዕካ ምጽማም፡ እንዳረኣኻ ኸኣ ዑረት ኢዩ። ብፖለቲካዊ ትርጉሙ ከኣ፡ እቲ እንድግፎ ዘሎና ንሓልዮት ሃገርን ህዝብን ዘይኮነ፡ ንሓልዮት ናይ ሓደ ውልቀ-መላኺ ጥራሕ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ብተግባር ከኣ፡ ንሃገር ምክልኻል ዘይኮነ፥ ንሃገር የሕሊፍካ ምሃብ ኢዩ። ነፍሲ-ወከፍና ከም ሰባት እቲ ኣምላኽና ዝፈጠረና፡ ነታ ዘላትና ሓጻር ዕድመ ንጽቡቕ ታሪኽ ንሃገርን ህዝብን ዝኸውን ቁም-ነገር ክንገድፍ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ። ንናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ መሰል ከይሓለኻን ከየኽበርካን፡ ናይ ህዝቢ መሰል የኽብርን ይሕሉን ኢዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ናይ ህዝቢ መሰል ከየኽበርካ ከኣ፡ ንሃገረይ ይፈቱ ወይ ምእንቲ ድሕነት ሃገር ይድግፍ ኣሎኹ ምባል ከንቱ ኢዩ። ነቲ ንመሬትን ህዝብን ኤርትራ፡ ኣብ ጸልማትን፡ ደልሃመትን ብርሰትን ዘእተወን ዘእቱ ዘሎ ስርዓት እንዳደገፍና፡ ከመይ ኢልና ተጣበቕቲ ናይ ህዝብን ሃገርን ክንከውን ንኽእል? ኢሰያሳዊ ስርዓት እኮ፡ ኢደ-ወነናዊ ባዕሉ ስልጣን ሕዛእቲ ዝገበረን፡ ብሓይሊ ዝጨበጠን ስርዓት ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ይኹን እሰኻትትኩም ከም ደገፍቲ እቲ ስርዓት እውን እንተኾነ፡ ንኢሳያስ ምርሓና ኢልኩም ስልጣን ኣይሃብኩሞን። ከም'ቲ ኣብ ሓደ ቃለ-መሓትት ዝበሎ፡ ፕረሲደንት ክኸውን እኮ፡ ኩንትራት ዝሃበኒ ኣካል የለን ኢሉ ሓቒ ዝተዛረቦ ትርስዕዎ ኣይብልን። ባዕሉ ኩንትራት ወሃቢ ድኣ'ምበር፡ ኣብ ኤርትራ ኩንትራት ዝህቦ ህዝቢ ከምዘየለ ኣብ ህዝብና ዘሎዎ ንዕቀት ብግልጺ ኢዩ ተዛሪቡ። እዚ ከኣ፡ ደድሕሪኡ ዝስዕቡ፡ ኣብ ውግእ እተዉ እንተበሎም ኣብ ውግእ ዝኣትዉ፡ ሰላም ተገይሩ ኢዩ ጓይላ ግበሩ እንተበሎም ዳንኬራ ዝገብሩን፡ ዝበሎም ዝደግሙ፡ ንሕና ንሱ ዝብሉ፡ ኣባኻትትኩም ደገፍቲ ተኣማሚኑ ዝበሎ ጉዳይ ኢዩ። ሕጂ፡ ዝሓለፈ ሓሊፉ፡ ኢሳያስ ብስም ሃገር፡ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ህዝብና ዘይፈልጦ፡ ንመሬት ኤርትራ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ክሻየጣን ክዛተየላን፡ ውዑላት ክፈራረም እንከሎ ኣብ ጎኒ ኢሳያስ'ዶ ወይስ ኣብ ጎኒ ህዝብኹምን ሃገርኩምን ትኾኑ? እዚ ብጽሞና፡ ምስ ነብስኹም ተላዚብኩም ክትምልስዎ ዘሎኩም ናይ ሕልና ሕቶ ኢዩ። ኣብ መደምደምታ ከኣ፡ ንዝሓለፈ ንሃገርን ህዝብን

ዝበደልክምዎን ዝተጋገኹምዎን ዝድምሰስ፡ ብሰንኪ ደገፍኩም ንኢሳያስ ዝሓዘነ ህዝቢ ዝድብስ፡ ታሪኽኩም ከኣ ዘሐድስ፡ ተቓዋማይን ደጋፋይን ከይበልና፡ ከም ሓደ ህዝቢ ሓቢርና ክንቃለሰን ብህጹጽ ሃገርና ከነድሕን ከም ኤርትራዊ ዜጋ ይጽወዓኩምን ይምሕጸነኩምን።

ክብርን ሞገስን መንግስተ-ሰማያትን፡ ንሰማእታት ኤርትራ

## VII. ህዝበይ ኣይንጥለም ሰማእታት፡ ኣይነግድዕ ሓርበኛ

ዝኸበርካ ኣብ ውሽጢ ሃገር እትነብር ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ንግደት ቅዱስ ሚካኤል ሰገነይቲ ዝወዓልኩም ኣመንቲ ክርስትና፣

ኣባ ተኽለብርሃንን ኣቶ ብርሃነ ኣብረሀን፡ ኣሰር ተበዓት ጉጅለ 15፡ ቢተወደድ ኣብርሃ፡ ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ወዲ-ዓልን ሓጂ ሙሳን ብምኽታል፡ ድሕነት ሂወቶም ከየገደሶም ድምጽኻ፡ ድምጺ’ቲ ውጽዕ ህዝቦም ኣብ መላእ ዓለም ኣቃሊሖም። እዞም በጃ ህዝቦምን ሃገሮምን ትብዓት ዝወነኑ፡ ጀጋኑ ደቂ ሃገር ሃብትን ተስፋን ናይ ሃገርናን ህዝብናን ከም ምዃኖም መጠን፡ ድሕነትካ ኣብ ድሕነቶም ዝተመርኮሰ ምዃኑ ምስትብሃል የድሊ። ስለዝኾነ ከኣ፡ በዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ንከኻንፎም ዝኽእል ተጻብኦን ስጉምትን ብሓድነትን ትብዓትን ሓቢርካ ኣብ ጎኖም ደው ክትብል ብስም’ቲ ቅዱስ-ሚካኤል ንግደቱ ዘኽበርካሉ መልኣኽ ይምሕጸነካ። ብኢሳያስ ዝምራሕ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ፡ ዕድመ ስልጣኑ ንከናውሕ ዝኸኣለን፡ ገባርን ሓዳጋን ክኸውን ዝገበለን፡ ኤርትራዊ ዜጋ ክቕተልን፡ ክእሰርን ክግፋዕን እንከሎ፡ ኣብ ህዝብና የሕሊፍካ ምሃብን ምግድዳዕን ንቡር ኮይኑ፡ ከምዘይምልከተና ክንዕዘብ ስለዝጸናሕና ኢዩ።

ጉጅለ ህግደፍ፡ ንኹሉ ህዝቢ ብሓባር ክኣስር ይኹን ስጉምቲ ክወስድ ዓቕሚ ከምዘይብሉ ባዕሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። እታ ሕጂ ካባኻ እትሕተት(እትጥለብ) ዘላ፡ እቲ ሓጂ ሙሳን፡ ብርሃነ ኣብርሀን፡ ኣባ ተኽለብርሃን ተወልደን ዝበልዎ ስለ ናይ ኩሉኻ ድሌትን ባህግን፡ ናይ ቃንዛኻ ድምጽን ስለዝኾነ፡ ሓቢርካ ብስምረት ናይ ኩላትና ቃል ኢዩ በል። ህግደፍ ከም ኣመሉ ኣዳህሊሉ ስጉምቲ ምውሳድ ስለዝለመደ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝለመዶ ክልኣዮ። ሓደ-ብሓደ ሰብ ወሓደ ከምዝበሃል፡ ድሕሪ መስዋእቲ ወዲ-ዓልን ሓጂ ሙሳን፡ ሃለዋት ኣቶ ብርሃን ኣብርሀ ኣብ ዘይተፈለጠሉ ህሞት፡ ሕጂ ንስርዓት ጉጅለ ህግደፍ ይኣክል ኢልካ ንኣባ ተኽለብርሃን ናይ ሂወቶም ዋሕስ ክትኮኖም ታሪኻዊ ሕልናዊ ሓላፍነትን ግዴታን ኣሎካ።

ኣባ ተኽለብርሃን ንዝፈትውዋ ሂወቶም ከይሓለዩ፡ ስለ’ቲ ውጹዕ ህዝቦም ሓቂ ዝተሓንገጡ ጅግና ሃወርያዊ ኣቦ ኢዮም። ከም’ቲ ዝበልዎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሰሚንቶን ጻዕዳ ሓርጭን ዘይኮነ ጸገሙ፡ ሕገ-ኣልቦነትን ስእነት መሰልን ፍትሕን ሰላምን ኢዩ። ህዝብና ዝርህዎ፡ ነዞም መሰላት እዚኦም ከይረጋገጹ ህዝቡ ዝጭፍልቕ ዘሎ ስርዓት ምስ ዝእለ ጥራሕ’ዩ። ሃብቲ ናይ ኤርትራ ህዝባ ሰባ (ህዝባ) ከምምዃኑ መጠን፡ ሂወት ኣባ ተኽለብርሃን ከምዝለዓለ ዘይትካእ ወርቃዊ ሃብቲ ናይ ሃገር ምዃኑ ተገንዚብካ ከይትጠልሞም ሓደራ እብለካ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ንኣስታት 20 ዓመታት ኢትዮጵያ ካብ መሬት ኤርትራ እንተዘይለቒቓ፡ ኣብ ዝርርብ ኣይቀርብን ክብል ከምዘይጸንሐ፡ ዶብ ከይተሓንጸጸ፡ ብድሕሪ መጋረጃ ህዝቢ ኤርትራ ብደቂቑ ዘይፈልጦ ስምምዓት ይገብር ከምዘሎ ትስሕቶ ኣይብልን። እዚ መላኺ ስርዓት’ዚ ብስምካ ይኹን ብስም ሃገረ-ኤርትራ ውዑላት ክፈራረም ሕጋውን ሞራላውን ሓላፍነት የብሉን። ብመስዋእቲ ኣሽሓት ደቅኻ ዝተረጋገጸት ሃገር፡ ንዕድመ ስልጣኑ ክናውሕ ኢሳያስ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋን ኣብ ሓደጋ ተሳጢሓ ምህላዋ ምንጋር ኣየድልየካን ኢዩ። ዘበን ግርንቢጥ ማይ ንዓቐብ ከምዝብሃል፡ እቲ ዝያዳ ንነጻነቱን ሓርነቱን ዋጋ ዝኸፈለ ህዝቢ ከይተደበሰ ብኢሳያሳዊ ምልኪ ክቑረን፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከኣ መሰሉ ተሓልዩ ናይ ሓርነት ኣየር ከስተንፍስ ክትርኢ ከሎኻ ዘገርምን ንዓና ንኤርትራውያን ዘሕፍርን ተርእዮ ኢዩ።

ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስካ ምቑዛም ዘይኮነ፡ ነቲ ንህዝብና ጽሩይ ናይ ሰላም ኣየር ከየስተንፍስ ዓትዒቱ ሒዝዎ ጸላኢ ህዝቢ ዝኾነ ጉልሒንጣን መንሸሮን ሃገርና ዝኾነ ኢሳያሳዊ ስርዓት ምእላይ ኢዩ እቲ መድሃኒት። ስለዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ስደትን ዝነብር ህዝብና ካብ ናይ ደገፍትን ተቓውምትን ዓንኬላት ወጺኡ ሃገር

ካብ'ዚ ተሳጢሓቶ ዘላ ሓደጋ ብምድሓን፡ ንዝሓለፉ ሰማእታትና ክንድብስ፡ ንዝተኣሰሩ ክንፍትሕ፡ ስደትና ኣብቂዑ ሓቢርና ብሰላም ናይ ምንባር ዕድል ከየምልጠና፡ ብስሙር መኸተ ንህግደፍ ይኣክል ንበሎ። እቲ ናይ ትግሊ ጅግንነት ተዓጢቕና፡ ንኣባ ተኽለብርሃን ዋልታ ብምዃን ኣለናልካ ንበሎም። እሶም ሃዋርያዊ ተልእኾኦም ስለዝፈጸሙ፡ ከለዉ ጸዲቖም ኢዮም። ንነባሪ ታሪኽ ዝኸውን ከአ ኣብ ናይ ነፍሰ ወከፍና ልቢ ሓወልቲ ሰሪሖም ኢዮም። ስለ ሂወቶም ከአ ካብ'ቲ እሶም ዝደልይዋ ንሕና እንደልያ ስለዝዓዝዙ፡ ንረብሓና ክንብል በኛ ክንሓልፈሎምን ከይነግድየምን ደጊመ ሓደራ እብል።

## ኣይነግድዕ ሓርበኛ

ህዝበይ ተልዓል ኣይተግድዕ ኣቦኻ
ጀጋኑ ውሑዳት ኢዮም ዝገልጹ ቃንዛኻ
ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮይኖም ዘቃልሑ ድምጽኻ
ኣሎና ንበሎም ሰብኣይ ሰበይትኻ።

ኣባ ተኽለብርሃን መንፈሳዊ ኣቦ
ኣየ እቲ ጅግንነትኩም እቲ ኣባታዊ ሓቦ
ስደት ንኩብቅዕ ምኻድ ንጎደቦ
ኣብዩ ናይ ኤርትራ፡ መድሕን ናይ ዓደ'ቦ።

ዓለም ሰሚዕዎ ናይ ህዝብና ኣውያት
ቅዱስ ሚካኤል ተፈሲሁ በቲ መንፈሳዊ ትብዓት
ኣባ ተኽለብርሃን ተኸቲሎም ኣሰር ናይ ሀዋርያት
ታሪኾም ነባሪ ቦትኦም መንግስተ-ሰማያት።

ኣባ ተኽለብርሃን ተወልደ ኤርትራዊ ሃዋርያ
ሓቂ ዝዕጣቕኩም መስቀልኩም መሳርያ
ህዝብኹም ከተናግፉ ካብ ናይ ምልኪ ሃስያ
ታሪኽ ንከይድገም፡ ታሪኽ ናይ ዳስ-ሓውያ።

ንኣባ ተኽለብርሃን ዝተጸበአ ወይለኻ በልዎ
ንጥፍኣቶም ዝምነ ካብኦም ኣርሕቕዎ
ኣሕሊፍካ ዘይምሃብ ጅግና ኣተባብዕዎ።

ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ኣቦ ቅድስና
ሐጂ ሙሳ እወ እቲ ጅግና ሸኽና
ኣብ እምነቶም ጽኑዓት ዘይብሎም መዘና
ኣብነት ሓድነት እስልምና ክርስትና።

ጅግና ወዲ-ዓሊ ሓበን ናይ ዓድኻ
ምእንቲ ህዝብኻ ጉድጓድ ዝኣተኻ
ትብዓት ኣለቀሓዮም ነቶም መዛኑኻ
ክበጣጥሶዎ እወ ህግደፋዊ ማሕለኻ።

ብርሃነ ኣብርሀ ኣቦ ናይ ትብዓት
ድምብርጽ ዘይብለካ፡ መትከላዊ ጽንዓት
ኣብ ውሽጢ ናኹራ ኮንካ ዝሰዓርካ ፍርሃት
ዓለም ኣፍለጥካያ ናይ ኢሳያስ ክፉኣት
ህዝብኻ ከተድሕን ካብ ደልሃመት ጸልማት።

ህዝበይ ተልዓል ምጉጅጃል ግደፍ
ጸበባ ከብቅዕ መግዛእቲ ናይ ህግደፍ
ተቓውሞኻ ኣይኹን፡ ሓላፍ-ዘላፍ
ምጥልላም ነውሪ፡ ምግድዳዕ ጽያፍ።

ህዝበይ ኣይበዝሐንዶ እንብዛ ትዕግስቲ
ንህዝቢ ፈላልይዎ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ
ኣብ ገዛእ ጉዳይና፡ ኮይና ተዓዘብቲ
ነዚ ኣይኮነን ነይሩ ናይ ኣሽሓት መስዋእቲ

ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ዘሎኻ ኣሊኻ
ኣለናልኩም በልዎም ነቶም ጀጋኑኻ
ኣሰሮም ሰዓብ ኣጣጥሕ መንገድኻ
ግዚኡ ኣኺሉ'ዩ ከብቅዕ ትዕግስትኻ
ከተተግብር ናይ ሰማእታት ሕድርኻ
ሃገር ከይንኸስር፡ ከይጥለም ህዝብኻ
ናበይ ከምዝቐንዓ ፍለጦ መሳርያኻ
ይኣክል በሎ ምንባር ኣብ ጉድጓድ በረኻ።

## VIII. Are we or Isaias to be blamed if Eritrea loses its sovereignty?

Franklin D. Roosevelt once said, *"The liberty of a democracy is not safe if the people tolerated the growth of private power to a point where it becomes stronger than the democratic state itself. That in its essence is fascism: ownership of government by an individual, by a group, or any controlling private power".*

This quote by President Roosevelt directly applies to the current state of Eritrea. We the people have nourished, appeased and tolerated the Isaias regime for almost three decades. We fear the government instead of the government fears its people. You can even hardly call it a government where an unhinged individual who uses the country as a toy for his self-indulgence and amusement depending on his mood of the day. Our partisan politics and having timid Eritrean scholars and lack of investigative reporting have allowed Isaias to do whatever he wishes in the name of the country. Can't our scholars learn from the Tigrai conference of 500 scholars with Doctorate degree held in Mekele few months ago?

Our people in general became a follower instead of maker of his own destiny. The people go to war and make peace when the dictator say so. Sometimes I wonder, is this the Eritrean People who bravely fought and won the mighty Ethiopian colonial power supported by both Super Powers? Have we forgotten all the sacrifice and struggle was for freedom and justice and mainly for Eritrea to be independent as a sovereign nation? Now, we all can agree that Eritrea is in the control of one unstable, shrewd and secretive narcissist individual where his main interest is prolonging his power at any cost. The question to the Eritrean People at this critical juncture is - do you trust Isaias enough to not compromise the sovereignty of the nation and protect the interest of the Eritrean People? Are we ready to gamble on him while the stakes are high and maybe high enough where his actions and damages cannot get reversed?

Have we forgotten the significance of the "Treaty of Wichale" of May 2nd of 1889 where Menelik II negotiated on behalf of Ethiopia to have a treaty with Italy which is the origin of the Italian colony and modern state of Eritrea? What prevents Isaias in reversing the 1889 treaty and federate, confederate or annex Eritrea with Ethiopia either to protect his power from collapsing or somewhat speculated by some to fulfill his overall objective of him joining the Eritrean revolution for a borderless Eritrea with Ethiopia. In "Eritrea at a Crossroads", Andebrhan Welde Giorgis's book page 322 reads "In one incident, Isayas blurted, 'I know that you call me Agame behind my back. I will show you! I will take this country down as I put it up."  I understand that this might have been said when Isaias was drunk, but we all know drunk people speak from the heart that are kept hidden. Isaias can accomplish his aim by disguising in the name of peace, treaty, intimate relationship and cooperation with Ethiopia and other neighboring countries. There are many instances that make you suspicious of Isaias that needs objective research and investigative reporting about Isaias's plan and end-game. It is undisputable and we all can agree that Isaias wants to stay in power at any cost, but the main question is for

what purpose? Can we take a blind eye to the following claims of historical events and questionable instances that was told about Isaias whether true or false?

1. Per Captain Ashebir's research (an Ethiopian) a former Ethiopian Officer, Isaias was working for Ethiopia (under General Daniel Menghistu) and was later sent by his uncle Dej. Solomon Abraha and Asrate Kassa (Former Governor of Eritrea) to dismantle the Eritrean Revolution and specifically the ELF on behalf of Ethiopia.
2. Could Isaias be working to return the Ras Kassa Mircha's dynasty (King Yohannes IV) in Ethiopia if the following family tree is true and Isaias think he is entitled to power?
   The following is cited from Haile Mengesha Okbe's Isaias's family tree claim published on Togoruba website.
   http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2018/1409HM8-04AE.pdf




3. Isaias had meeting with Ethiopian representatives and US personnel in Kagnew station after his split from the ELF. The person coordinating the meeting, Tesfamichael Georgo was rumored to getting killed by the Isaias regime in Addis-Ababa after Eritrean Independence to further protect the secrecy of the meeting although it is known by many in the ELF leadership and Tesfamichael's friends.
4. Former defense minister of Eritrea, Mr. Mesfin Hagos's interview with SBC sighted one occasion where Isaias flirted his internal aim about forming a joint government with EPRDF (Ethiopia).
5. In the early years of Independence, Isaias mentioned his desire having a confederation with Ethiopia.
6. During the second Ethio-Eritrea war, Isaias is believed to have ordered the Eritrean defense forces to withdraw from the Aseb (Denkeli) region intentionally or unintentionally handing over Aseb to Ethiopia.
7. If Isaias cares about the sovereignty of Eritrea, why was the Badme region administered by Ethiopia until the start of war of 1998? The answer you get from high ranking Eritrean Government personnel is that they were not interested in physical

borders or having a borderless regional horn of Africa to be administered under IGAD. Badme was just used as an excuse to settle economic disputes between Isaias and the Meles Ethiopian government.

8. It also appears that Isaias is working on eradicating the Eritrean people and its economy as if he has a grudge or hatred against the people. It is being rumored to be leasing the Port of Asseb but we can concretely say it is 100% true due to the secrecy surrounding his negotiations with foreign entities.

Isaias, do not disqualify him to be an Eritrean President for having a Tigray heritage or an Ethiopian Origin since he was born in Eritrea. I am more concerned about his actions which is ruining the State of Eritrea in which he may have been influenced by his own heritage, origins and his love to power.

Now, enough about Isaias. Whether we like it or not, Isaias is fulfilling his objectives and aspirations. The question is at what cost and what do we do about it? I am not claiming that the above 8 example claims are 100% true, but at least we should have been curious enough to research and investigate whether they are true or not. Our scholars failed in using their knowledge in helping educate the public about the inner making, ambition, history and end goal of Isaias Afeweki Abraha Hagos Mirach. Our psychologists failed to tell us about the mental competency of this narcissist individual whether he is fit to govern a country. The worst that could happen to a country is to be governed by a mentally sick person. In this scenario, it is the people to be blamed not Isaias. At least, he can get a defense that for being sick.

When you ask supporters of the Eritrean Government (I think it is better to say when you ask supporters of the one-man dictatorial regime) to explain where our country is heading and the nature of intimate relationship and peace honeymoon with Ethiopia, their only answer happen to be “President Isaias knows what he is doing”. If this is the only answer they got, Eritrea and the Eritrean people are in deep trouble. In other words, they do not know what he is doing and their only comfort zone their blind faith on him. As President Roosevelt noted, this is really sad when the people tolerate the abuse of power, the secrecy of treaties and put all your eggs in the hand of this man.

I am an advocator for working together for the common objective and a believer of an honest and committed grassroots people’s movement with bottom up approach of organizing and representation. Our priority at this juncture is not democracy, it is saving the nation in maintaining its sovereignty and preventing from catastrophic people’s eradication leaving the country in droves. I have been sidelined voluntarily the last two years due to the lack of action of the opposition and the squabble within itself for unnecessary non-priority issues of power struggle. I get disappointed for some scholars for creating chaos by creating parallel grassroots movement in the name of “Global Initiative” instead of trying to strengthen the existing grassroots movement.

Now, I felt obligated and it is my civic duty to call the Eritrean people to get organized and mobilized to save the nation before it is too late. Not only I am calling the opposition to work together but I am also calling the supporters of the Eritrean government in joining and working together in saving the nation before it is too late. The partisan bickering does not have place at this critical period, it is time for action based on agreeable plan and roadmap in getting rid of this individual and his inner circle group intentionally carrying his plans of eradication of the Eritrean People and endangering the sovereignty of the nation. Isaias is using the divide of the people as if we have two different interests. We all love of our country and people and we need to have a united message of ENOUGH is ENOUGH to Isaias.

If we fail to do so jointly and quickly, it is we the people to be blamed not Isaias.

## IX. መዘኻኸሪ - Final Reminder

**ኣብ'ቲ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ዘይተመስረተሉ ከተማታት፣ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ንምምስራት ፍቓደኛታት ዝኾንኩም፣ ነዚ ዝስዕብ ዝመስል ናይ ተሳተፍቲ ቅጥዒ ከም መበገሲ ክትጥቀሙ ሓጋዚ ይኸውን። ካብ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ዝበለጸ ናይ ሓቢርካ መቓለሲ ሓሳባት ምስ ዝህሉወኩም እውን፣ ኢመይል ምስ ትገብሩለይ ህዝቢ ክዛራረበሉ ኣብ ፍትሒ መጽሔት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ንክዝርግሓልኩም ፍቓደኛ ኢየ።**

| ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር (ቅጥዒ ተሳታፍነት) | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| # | ሙሉእ ስም Full Name | ከተማ/በታ Place of Residence | ንኡስ ዞባ Sub - Region | ዞባ - Region | ቴለፎን Telephone | ኢመይል - Email | ማሕበር/ውድብ ኣባልነት Organizaional Affiliation (if Any) | ስም ማሕበር/ውድብ Name of Organization) |
| 1 | ተወልደ መንግስትኣብ | ኢንዲያናፖሊስ - ኢንድያና | ማእከል - ሰ/ኣመሪካ | ሰሜን - ኣመሪካ | 317/555-5555 | t_menghis@gmail.com | None | None |
| 2 | ኢብራሂም ዑስማን | ኣዲስ-ኣበባ - ኢትዮጵያ | ኢትዮጵያ | ኣፍሪቃ | 29-019458751 | Ibrahim_Osman55@yahoo.com | Yes | ግንባር ሃገራዊ ድሕነት |
| 3 | ኣስቴር ተኽለኣብ | ፍራንክፈርት - ጀርመን | ጀርመን | ኣውሮጳ | 49-69458214 | aster_tecleab45@msn.com | Yes | ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኣውሮጳ |
| 4 | | | | | | | | |
| 5 | | | | | | | | |
| 6 | | | | | | | | |
| 7 | | | | | | | | |
| 8 | | | | | | | | |
| 9 | | | | | | | | |
| 10 | | | | | | | | |

**እቲ ኣገዳሲ፣ ነቲ ሓሳባት መን ኣበጊስዎ ዘይኮነስ፣ ከመይ ኢሉ ህዝቢ ተጠርኒፉ ኣብ ሓደ ዕላማ፣ ስትራተጂን ናይ ቃልሲ ጎደናን ሃገሩን ህዝቡን የድሕን ኢዩ። ኣብ'ዚ ናይ ኣፈርክቡ ግዜ፣ ህዝቢ ከመይ ገይሩ ሓቢሩ ክቃለስ ከምዝኽእል ዘይምልስ ተበግሶ፣ ጊዜ ምብኻን ጥራሕ ኢዩ ትርፉ። ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር ነቲ ሓቢርካ ከመይ ጌርና ክንቃለስ ከምእንኽእል ዝቐርብ ዘሎ ሓሳባት** (Formula) **ምኳኑ ኩላትና ክንርደኦ ኣገዳሲ ይኸውን። ብወገነይ፣ ኣብ ምምስራት ናይ ከተማኹም ምትእስሳር/ምንቅስቓስ ዓቕመይ ዝፈቕዶ ክተሓባበር ፍቓደኛ ምኳነይ ይሕብረኩም። ነዚ ሓቢርካ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ንምጉስጓስ ፍቓደኛታት ዝኾንኩም፣ ኣስማትኩምን ቴለፎንን ኢመይልኩም ናብ ናይ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእስሳር** eri.publicnetwork@gmail.com **ክትልእኩ ትኽእሉ።**

**ጎይትኦም ኢማም**